
# ሕዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.67 | ሰሉስ 18 ሕዳር 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3

ሕጹር ዝኽሪ ህይወት ...

ገጽ 4


ገጽ 5 ምስጢርንብዓት


ገጽ 7 ደባርዋ - ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ



## ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ፡ ብድምቀት ተኻዪዱ



ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ፡ ካብ 9 ክሳብ 15 ሕዳር ብልዑል ደምቀት ተኻዪዱ።

ኣዚ ብጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ጅዳ ኣቶ ዓብደራሕማን ዐስማን ዝተኸፈተን ብልዑል ተሳታፍነት ዜጋታት ማዕርጉ ዝቖጸረን ፈስቲቫል፡ ምርኢት ድኳናት ተንቀሳቓስቲ ስእሊ፡ ያታውን ባህላውን ናውቲ ብዘሪትና፡ ባዛር ፍርያት ኤርትራውያን ስድራቤታትን ኣደ ስራሓትን፡ ከምኡ'ውን ስፖርታዊ ትሕዝቶታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

በቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝተወደበ ስፖርታዊ ውድድራት ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያትን ቈልዑን ከምኡ'ውን ተሳቲፎም፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ጠረጴዛታት ኣምባሳደር እስጢፋኖስ ሃብተማርያም፡ ንተሳተፍቲ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርን ተራን ኣበርክቶን ዜጋታትን ከምኡ'ውን ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ሰሚናር ኣካይዱ።

ብዛዕባ ዝትግበር ዘሎ መደባት ልምዓትን ኪኢላቱን ሰፊሕ መግለጺ ዝሃበ ኣምባሳደር እስጢፋኖስ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ መደባት ንዘበርክቶ ኣበርክቶ ድሕሪ ምምጓሱ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ'ውን ንቕሓቶም ብምብራኽን ሓድነቶም ብምድልዳልን ከምዝቕጽልዎ ጸኒዑ እምነቱ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሃሞምን ቀልቦምን ምስ ሃገሮም፡ ህዝቦም፡ መንግስቶምን ጅግና ሰራዊቶምን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መሰረታዊ ኣስጢሞም ሃገራዊ መኸሰባት ንምዕቃብን ንምድንፋዕን ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ቅነ ምብራኽ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት መድሃኒት ኣበጊሱ

ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ከምኡ'ውን ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ "መጻኢ ፈዋስነት ጸረ-ታህዋስያን ንምውሓስ፡ ሎሚ ንስራሕ!" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 17 ክሳብ 24 ሕዳር ኣብ መላእ ሃገር ዝካየድ ዓለምለኻዊ ቅነ ምብራኽ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ኣበጊሱ።

ኣብ'ቲ ትማሊ 17 ሕዳር ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገሰ፡ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ወከልቲ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ኣካላት ናይ ደገፍ ቃል ኣሰሚዖም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ መድሃኒት ዝጻወር ሕማም ነድሪ ሳንቡእ፡ ጠቢያት ቀንዲ ባክተርያ ዝጠንቁ ሕማማት ብዝምልከት ዝተኻየደ መጽናዕትን ወጽኢቱን፡ ኣገባባት ምምርማር ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ስርዓተ-ሸነ፡ ዝብል ወረቓቕቲ ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ኣብ'ዚ ንሓደ ሰሙን ዝቕጽል ቅነ፡ ኣብ ኣተዓቃቕባን ኣተሓሕዛን መድሃኒት ጸረ ታህዋስያን ዘተኩረ ሰሚናራት ንሰብ ሞያ ጥዕናን ሕብረተሰብን፡ ከምኡ'ውን ነቲ ቅነ ዝምልከት ገስጋሳዊ መደባት ብማዕከናት ዜና ክቐርብ'ዩ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ቅነ፡ ኣብ ሃገራዊ ቍጽጽር መድሃኒትን መግብን ሓላፊ ምክትታል ኀድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ዶ/ር መሉጌታ ርእሶም ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ ኣብ ሰብ ሞያ ጥዕናን ሕርሻን ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ዘሎ ንቕሓት ብምብራኽ፡ ውሕሉል ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዶ/ር ኀይትኦም መብራህቱ፡ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ናይ ሎም ዘበን ቴማ - ኣብ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ህጹጽን ዝተወሃሃደን ስጉምቲ ክውሰድ ዝጽውዕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ዝላዓቕነት ውሑስ ጥዕና ክስራሕ ዝጽውዕ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

## ኣስማጥ - ጽርግያ ታባ ዓሰርተ ብወፈራ ይጽገን



ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ካብ ኣስማጥ ክሳብ ሓልሓል ዝወስድ ናይ ሓመድ ጽርግያ ታባ ዓሰርተ፡ ብኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ብወፈራ ይጽገን ኣሎ።

እቲ ብሰንኪ ክራማት ንምንቅስቓስ ተሸገርገርቲ ኣጻጊሙ ዝጸንሐ ጽርግያ፡ ንማሕበራዊ ምንቅስቓስ ናይ'ቲ ከባቢ ብኣሊታ ጸልይዎ ምጽንሑ ዝሓበሩ ነበርቲ፡ እቲ ዝተወስደ ተበግሶ ዝ ዘቃልል ምኻኑ ገሊጾም።

ኣዛዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ካብ ከረን ክሳብ ዛራ ዝዝርጋሕ ውሻ መስመር ብምብልሻው፡ ንልዕሊ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣገልግሎት ሓራት ተቛሪጹ ምጽንሑ ብምሕባር፡ ብዝተወሰደ ናይ ምጽጋን ስጉምቲ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንጡር ንጥፈታቱ ከምዝጀምር ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኩባንያ መጎዓዝያ ሓራት ብዘቕልጠፈ ኣገልግሎት ክጅምር ዘለዎም እምነት ገሊጾም።

## ጸሮና - ንሓደስቲ መምህራን ስልጠና ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ካብ ኮሌጃት ንዝተመደቡ 60 ሓደስቲ መምህራን፡ ብ10ን 11ን ሕዳር ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣገባብ ምድላው ወጥን ምህሮ፡ ምሕደራ ክፍሊ፡ ኣገባብ ኣገማግማ ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ንተመሃራይ ዘማእከለ ኣሰታፊ ኣገባብ ኣመሃህራ ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መማህር ሰልጣኒ ጉብረያናስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሞያ ምምህርና ክቡርን ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክምን ብምዃኑ፡ ሰልጠንቲ ብተወፋይነት ሓላፍነቶም ክተግብሩ፡ ከምኡ'ውን ንዝቐሰምዎ ስልጠና ከም መበገሲ ብምውሳድ ዓቕሞም ንምዕባይ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ስልጠናታት ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

# ዓሰብ - ልምዓት ተምሪ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ስልጠና ተወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣፍልጦ ኣብቲ ታውያን ሓረስቶትን ሞያውያን ሕርሻን ኣብ ልምዓት ተኽሊ ተምሪ ክብ ንምባል፡ ብ12ን 13ን ሕዳር ኣብ ከተማ ዓሰብ ስልጠና ወሂቡ።

እቲ ብዋዕበሪን ክልሰ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምሕደራን ክንክንን ተኽሊ ተምሪ፡ ኣገባብ ምብዛሕን ምውሳብን ተኽሊ ተምሪ፡ ምሕደራ ዘለላ ተምሪ፡ ምእካብ ምህርቲ ተምሪ፡ ምሕደራ ድሕሪ ምህርቲ፣ ኣገባብ ኣደኻኽዑ ሕርሻ ተምሪ፡ ቀንዲ ባልዓትን ሕማማትን ተኽሊ ተምርን ኣገባብ ምክልኻሎምን፡ ከምኡ'ውን ረብሓን ጥቕምን ልምዓት ተምሪ ኣብ ጉማም ቀይሕ ባሕሪ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ መንእሰይ መሓመድ ዓብዱልራሕማን፡ እቲ ስልጠና፡ ኣፍልጦ ሓረስቶትን ሞያውያንን ክብ ብምባል፡ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ካብ ተኽሊ ተምሪ ዝርከብ ረብሓታት ንምምዕባል ከምዝሕግዝ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠናታት ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩነታት ልምዓት ተምሪ ንምዕዛብ፡ ካብ ደቡብ ደንካልያ - ዓድታት ረሓይታን ኣሮን ዝመጽኡ ሓረስቶት፡ ኣብ መንከዕከዕ - ከባቢ ዓሰብ ዑደት ከምዘካየዱ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።



# ዓዲቐይሕ - ብሞያ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቐም

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ሞያዊ ስልጠናታት ክቕስሙ ዝጸንሑ 163 መንእሰያት፡ ብ13 ሕዳር ተመሪቖም።

እቲ ስልጠናታት፡ ሓፈሻዊ ጽገና ሞተረን ምግጣም ሻምብቆታት ማይን ሰ- ጸባቑ ጸጉሪ ርእስን ቀዳማይ ረድኤትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ኢብራሂም ባርስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚታት መንእሰያት ንምህናጽ ዝውድብ መደባት ከምዝኸሉን ከምዝቐጽልን ገለጹ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብስራሕ ከማዕብልዎን ንሃብኦም ጸለውቲ ክኾኑን ተላብዩ።



ስእሊ: ሚልዮን ኣፈወርቂ

# ሞልቀ - ምሩጽ ዘርኢ እወታዊ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ብመልክዕ ፈተነ ንሓደ ሽሕ ሓረስቶት ዝተዓደለ ምሩጽ ዘርኢ፡ ምስ ኩነታት ክሊማ ዝሰማማዕ ብምዃኑ፡ ኣብ እቶት እወታዊ ውጽኢት ከምዘተረኽበ ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ መልኣከ ወልደሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ብፍሉይ ክልተ ዓይነት ዘርኢ መሸላ ማለት ሰዋረን ብሾኳን ከምኡ'ውን ቀጠልያ ዓይኒ-ዓተር ንሓረስቶት ከምዝተዓደለን ርብሕ ምህርቲ ከምዝተረኽበን ኣብሪሁ።

ምስ ምቅይያር ወቕቲ፡ ሓረስቶት ልዑል ተጻዋርነት ዘለዎም ምሩጻት ኣዝርእቲ ብምጥቃም ምህርቶም ከኻዕብዩን ንዝወሃብ ኣስተምህሮ ብግቡእ ክጥቀሙሉን ደማ ኣዘኻኺሩ።

ተጸዋዒ ጨንፈር ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ካሕሳይ ማና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓረስቶት ርቡሕ ምህርቲ ንክረኽቡ ንዝወሃቦም መምርሒታት ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ማለት ምድልዳል መሬት፡ ምድኻዕ ምንቃልን ምጽሃይን ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ብልጫታት ናይ'ቲ ዘርኢ ብግብሪ ከምዝተዓዘቡ ብምሕባር፡ ብሰፊሑ ክዝውተርዎ ስለዝኽእሉ፡ ደገፍ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ከይፍለዮም ተማሕጺኖም።

# ናቕፋ - ኣብ መደባት ልምዓት ዝተኮረ ርክብ ተኻዪዱ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ፡ ካብ 2 ክሳብ 12 ሕዳር፡ ኣብ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ ተጠቃምነት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ደማ ብፍላይ ዝተኮረ ርክባት፡ ምስ ነበርቲ ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከባቢ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ፡ ኣነበርቲ ዓዲ፡ ዓበይቲ ዓድን ኮሚቴ ሽማግለ ዕርቅን ናይ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተሳተፍዎ ርክባት፡ ኣቶ ያቆብ፡ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ ብምውህሃድ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ዝተሰላሰለ ሰፊሕ ንጥፈታት፡ ኣብ ምርጋእ መሬትን ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ልዑል ኣበርክቶ ከምዘበርከተ ኣረዲኡ።

ንማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብዝምልከት ድማ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ምዕሩይ ዝርግሐ ኣገልግሎታት ጥዕናን ትምህርትን ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ መሰረት ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ዝተገበረ ጻዕሪ ብዘይ ንቕሓት ተሳትፎ ትካላት መንግስትን ሕብረተሰብን ክውን ክኸውን ስለዘይክእል፡ እዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት፡ ወለዲ፡ መምህራንን ኣነበርቲ ዓድን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ቀረብ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይ ቁልሕታ ክግበረሉ፣ ዝኣረገ ህንጻ ትካላት ጥዕና ክጽገን፣ ኣብ ገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርአ ዋሕዲ መምህራን ድማ ፍታሕ ክናደየሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ከባብናን ዝተኮረ ሰሚናር፡ ብ13ን 14ን ሕዳር ኣብ ከተማ ናቕፋ ንሰራሕተኛታት መንግስትን ወከልቲ ህዝብን ወሂቡ።

እቲ ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣቶ እድሪስ ዓሊን ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ኣቶ ኣሕመድ ዓብድልቓድርን ዝተዋህበ ሰሚናር፡ ዝሰላሰል ዘሎ ኩሉመዳያዊ መደባት ልምዓት ውጽኢት ሰናይትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ'ቲ ዝድለ ሽቶ ንምብጻሕ ወሃደት ናይ ኩሎም ኣካላት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ተመሳሳሊ ሰሚናር፡ ብ15 ሕዳር ንሓለፍቲ ትካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ከምዝተኻየደ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጥበብ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስነ-ስርዓት ቀብሪ በሃር ስነ-ጥበበኛን ሓርበኛ ተቓላሳይን በረኸት መንግስታኣብ













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ኣብርሃም በየነ


# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ምስጢር ንብዓት

ንብዖት መግለጺ ዝተፈላለየ ዓይነት ስምዒታት እዩ - መግለጺ ሓጎስ፣ ሓዘን፣ ስንባደ፣ ቃንዛን ካልእን። ስለምንታይ ግን ንበኪ፧ ብዙሕ ምንባዕ ዓይኒ የዕውር'ዶ፧ ንብዖት ንዓይንና ዘሀቦ ጥቕሚ'ኸ ኣሎዶ፧ ወዘተ ዝብሉ ኣብ መበዝሕትና ዝመጽኡ ሕቶታት እዮም።

ንብዖት መጠበሲኡ ባህርያዊ ኮይኑ፣ ንዓይንና ንምትርካስ፣ ዘድሊ ርስሓት ንምጽራይ፣ ከምኡ'ውን ምንጪ ኣክስጅን ንደጋዊ ክፋል ዓይኒ ንምፍኣን ተባሂሉ ብተፈጥሮ ዝዓሎ ፈሳሲ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ፣ ንብዖት መግለጺ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ ስምዒታት ክኾውን ንርኢ ኢና። ንኣብነት፣ ሓጎስ፣ ሓዘን፣ ቃንዛ፣



ናፍቖት፣ ሕርቃን ካልኦት እወታውያንን ኣሉታውያንን ስምዒታት ብንብዖት ክስዩ ከለዉ ዝያዳ ሓይሊ ዘለዎም ይኸኑ። ሰለስተ ዓይነታት ንብዖት ኣለዉ።

መሰረታዊ ንብዖት (Basal Tears)፦ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 1 ደቒቕ ካብ 1 ክሳብ 2 ማይክሮ ሊትሮ ዝዖቕሑ ንብዖት ዝዓሎ ኮይኑ፣ ንዓይኒ ንምትርካስን ንምጽራይን ይጠቅም።

ግብረ መልሳዊ (Reflexive Tears)፦ እዚ ዓይነት ንብዖት'ዚ፣ ናብ ዓይኒ ብዝኣተዉ ባዕዳውያን ባእታታት፣ ንኣብነት ሃፋፊ ጋዝ ናይ ሽጉርቲ፣ ወይ ኣብ ልዕሊ ዓይኒ ብዝፍጠር ማህረምቲ ዝበገስ ክኸውን ይኽእል።

ኣእምሮኣዊ ንብዖት (Psychic Tears)፦ እዚ ንብዖት'ዚ፣ ኣብ ውሽጢ ሓንጎልና ብዝፍጠሩ ስምዒታትና ዝበገስ እዩ።

ንብዖት ካብቲ ኣብ ትሕቲ ሽፋሽፍቲ የማናይን ጸጋማይን ዓይኒ ብወገን ክልተ መታልሕ ዝርከብ ናይ ንብዖት ጸኪ ይዓሎ። ቋሕሰም ኣብ እንብለሉ እዋን፣ ናብ መላእ ደጋዊ ክፋል ዓይኒ ይዝርጋሕ።

ንብዖት ካብቶም ጸኪታት ክዓሎ እንከሎ ማያዊ ባህሪ እዩ ዘለዎ። ቡቶም ኣብ ከባቢ ቅርኒብ ዓይኒ ዝርከቡ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ክፋል ከቢሮ ዓይኒ ተዘርጊሖም ዝርከቡ ከፋታት፣ ናይ ቅብኣት ትሕዝቶ ዘለዎ ፈሳሲ ኑቲ ንብዖት ይሕወሶ እዩ። እዚ ንዓይንና ንምልስላስ ዝሕግዝ ቅብኣት ኮይኑ የገልግል። ብተወሳኺ፣ ብንጹር ምእንቲ ክርኢ፣ ንዓይንና ንምጽራይ ዝሕግዝ ምንጪ ኣክስጅን ይኾውን። እቲ ንብዖት ንነውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ዓይኒ ክጸንሕ ዝኽእል'ውን እዚ ቅብኣት እዚ ስለ ዝሕወሶ እዩ።

ኣቐዲሙ ዝፈረየ ንብዖት ኣፖገሎቱ፣ ምስ ወድኣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቋሕሰም ብሓዳሽ ንብዖት እዩ ዝቕየር። ዓይንና ብጠዚሒ ንብዖት ምስ ዘፍራ ኣፍንጫና ጸረር-ጸረር ክብል ናይ ግድን እዩ። እቲ ንብዖት፣ ቡቶም ክልተ ብወገን ኣፍንጫና ኣብ ላዕልን ታሕትን ዝርከቡ ከፋታት ኣትዩ ምስ ናይ ኣፍንጫና ፈሰስቲ ይሕወስ። ካብ መጠን ንላዕሊ ኣብ ንቡዓሉ ግዜ ድማ በዛም መሳሽቲ ኣፍንጫና ጸረር ይብል።

### እናንብዕና ዓይንና ክደርቕ ይኽእልዶ፧

እወ! ድርቀት ዓይኒ ካብቶም ብዙሕ ኣቓልቦ ዘይወሃቦም ግን ከኣ ዓይንኻ ምቹእነት ከይህልዎ ዝገብሩ ዓይነት ሕማም ዓይኒ እዩ። ድርቀት ዓይኒ ንብዖት ብውሑድ መጠን ምስ ዝሰራሕ ጥራይ ዝርአ ዘይኮነ፣ ብዙሕ እናንብዕካ'ውን ክህሉ ዝኽእል ተርእዮ እዩ። እቶም ብዘይዝኾነ ጸገም ክንብዑ ዝኽእሉ፣ ግን ከኣ ድርቀት ከምዝለዎም ብሕክምና ዝንገሮም ሰባት፣ እቶም ኣብ ከባቢ ቅርኒብ ዓይኒ ተዘርጊሖም ዝርከቡ ቅብኣት ዘፍርዩ ከፋታት ምስ ዝዕበሱ እዩ። እዚ ዘይታዊ ክፋል ንብዖት ኑቲ ኣብ ምሉእ ክፋል ዓይንና ተዘርጊሑ ዘሎ ማያዊ ክፋል ንብዖት ከይሃፍፍ ኣብ ዘለዎ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ክጸንሕ እዩ ዝሕግዞ። እዚኦም ምስ ዘይሰርሑ ግና፣ እቲ ማያዊ ክፋል ንብዖት ብመንገዲ ሃፋ ወይ ንብዖት ንደገ ቀቅልጢፉ ክወጽእ ስለ ዝጅምር፣ እታ ተርከቢሳ ክትጸንሕ ዝጉበኣ ዓይኒ ትደርቕ።

ገለ ካብ ምልክታት ድርቀት ዓይኒ - ሕርኽርኽ ዝበል ስምዒት ኣብ ውሽጢ ዓይኒ፣ ሰሓ፣ ቃንዛ፣ ምቕያሕ ዓይኒ፣ ሃንደበት ምሽፋን ዓይኒ፣ ጸልኣት ብርሃንን ካልኣትን ምጥቃስ ይከኣል።

### ጠንቅታት ምድራቕ ዓይኒ

- ዕድመ፣
- ምቕይያር ሆርሞናት፣
- ብዚይ ዕረፍቲ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ ስክሪን ናይ ኮምፒዩተር ወይ ሞባይል ኣተኩርካ ምጥማት (ምኽንያቱ፣ ናብ ስክሪን ኣተኩርና ኣብ እንጥምተሉ እዋን፣ ኣብ ምስራሕን ምዝርጋሕን ንብዖት ኣገዳሲ ዝኾነ ቋሕሰም ስለዝቕርጽ)፣
- ኣብ እንድቕሰሉን ቋሕሰም ንበለሉን እዋን ከቢሮ ዓይኒ ንዓይንና ብምሉእ ምስ ዘይሽፍና፣
- ከም ሕማም ሽኮር ዝኣመሰሉ ውሽጣዊ ሕማማት ወዘተ።


### ዚ ንምእላዩ

- ዓይንና ብዙሮንእ ቋሕሰም ከም ዝብል ምግባር፣
- ስክሪን ኣብ ንጥቀመሉ ግዜ፣ ኣብ መንጎ እኹል ዕረፍቲ ምውሳድ። ዓይንና ግቡእ ዕረፍቲ ንምርካብ 20-20-20 ዝብል መምርሒ ኣሎ። እዚ ማለት ኣብ ነፍሲ ወከፍ 20 ደቒቕ ን20 ካልኢት ናብ ሓደ ካብኻ ን20 ስድሪ ርሒቑ ዘሎ ነገር ምጥማት።
- ገጽና ቀጻሊ ብዝሑል ማይ ምሕጻብ፣

ድርቀት ዓይኒ ጠንቁ ብኣግኡ ተለልዩ ግቡእ ፈውሲ ምስ ዘይግበረሉ፣ ድሕሪ ግዜ ንዓይኒ ምሉእ ብምሉእ ኩናኽም ከም ዝኽእል ምስትብሃል።


### ጥቕሚ ንብዖት


ንብዖት/ብኽያት ካብቲ ንዓይንና ዘሀቦ ጥቕሚ ሓሊፉ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ረብሓታት'ውን ኣለዎ። ጥቕሙ ካብ ዘይምርዳእ ዝተላዕለ፣ ብዙሕ ግዜ ንብኽያት ከም ምልክት ሕምቀት ገይርና ንወስዶ ብዙሓት ኢና። ገለ ካብቶም ንብዖት ዝሀቦ ጥቕሚ ንምዝርዛር፦




### ንዓይኒ የጽሪ፤

ንብዖት እንተዘይህሉ ከም ኑብሰና ማይ እንተዘይህሉ ገይርና ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ንብዖት ናብ ዓይንና ዝኣተወ ርስሓት ዘጽሪን ከይትደርቕ ዝሕግዝን ባህርያዊ ፈሳሲ እዩ። ንብዖት ምስ ዘይህሉ፣ ጉልባብ ዓይኒ ኣብ ሓደጋ ብምውዳቕ ናይ ምርኣይ ክእለትና ኩናኽም ይኽእል።




### ናይ ምርኣይ ተኽእሎና የጽሪ፤

ቬትሮ ምስ ዝረስሕ ንጹር ክርእየካ ዘይክእል፣ ዓይንና'ውን ከምኡ እዩ። ጉልባብ ዓይንና ልክዕ ከም ቬትሮ ንዝመጽእ ብርሃን ንውሽጢ ዓይኒ ዘሕልፍ ክፍሊ ኣካል እዩ። ስለዚ፣ ንጹር ዝኾነ ስእሊ ክፍጠር እንተዀይኑ ጉልባብ ዓይኒ ክጸሪ ኣለዎ። ኣብዚ ንብዖት ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎ። በዚ እዩ ድማ ድርቀት ዓይኒ ዘለዎም ሰባት ናይ ምርኣይ ክእለቶም ዝተሓተ ዝኸውን።

### ጸረታህዋስያን ኮይኑ የገልግል

ንብዖት 'ላይሶዛይም' (Lysozyme) ዝበሃል ቀመም ስለዘለዎ፣ ዓይኒ ከጥቅዑ ዝመጽኡ ታህዋስያን ናይ ምእላይ ዓቕሚ ኣለዎ።

### ጭንቀት የጉድል፤

ደቂ ሰብ ጭንቀትና ከሑኽስ ዝተፈላለየ ዓይነት ሜላታት ንጥቀም ኢና። ምስ ሰባት ምዕላል፣ መዚቃ ምስማዕ፣ ኣብ ጸምዋ ኮፍ ምባል፣ ስፖርት ምስራሕ ወዘተ። ገለ መጽናዕቲታት ድማ፣ ንብዖት ጭንቀት ንምእላይ ዝሕግዝ ምኳኑ ይሕብሩ። እዚ ክኾውን ዝኽእል፣ እቶም ጭንቀት ዝፈጥሩ ሆርሞናት ምስ ንብዖት ተሓዊሶም ስለዝወጹ፣ መጠኖም ክጎድል ከም ዝኽእል የስምሩሉ።

### ኣካላዊ ቃንዛ የህድእ

ብኽያት ኑቲ 'ፓራሳይፓትቲክ' (Parasympathetic nervous system) ዝተባህለ ናይ ምህዳእን ምዝንጋዕን ክፍሊ ሓንጎልና ብምብርባር፣ ከምኡ'ውን 'ኦክሲቶሲን' (Oxytocin) ወይ 'ኦፕዮይድ' (Opioid) ዝበሃሉ ኣብ ግዜ ቃንዛ ዝዘዐ ሆርሞናት ብጠዚሒ ከም ዝፈሪ ብምግባር ቃንዛ ንምህዳእ ከም ዝሕግዝ መጽናዕቲታት የመልክቱ።

### ከም መረዳድኢ ቋንቋ፤

ንብዖት/ ብኽያት ብኣፍና ብጋቡእ ክንገልጾ ዘይንኽእል ስምዒታት ናብ ሰባት ንምትሕልላፍ ይጠቕመና እዩ። ህጻን ገና ውሉድ ምስ በለ ዝገምዖ ብኽያት ናይዚ ኣብነት እዩ። ብኽያት፣ ካብ ሰባት ስለዋት፣ ሓገዝን ፍቕርን ክንረክብ እንጥቀመሉ ሓደ መንገዲ እዩ። ኣብ ግዜ ሓጎስን ሓዘንን ስምዒታትካ ብቓላት ክትገልጾ ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን፣ ንብዖትካ ብምስናይ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ስምዒት ከተርኢ ትኽእል ኢኻ።

### ብዙሕ ብምንባዕ ዓይኒ የዕውርዶ፧

ጥቕሚ ንብዖት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፣ እቲ ብኽያት ዕረፍቲ ዘይብሉን ቀጻልን ምስ ዝኸውን ግን ሕርኽርኽ ዝብል ስምዒት ኣብ ዓይኒ፣ ቃንዛ፣ ምቕያሕ ዓይኒን ግዜያዊ ጸልግልግን ዝኣመሰሉ ምልክታት የስዕብ እዩ። ይኹን'ምበር፣ ብኽያት/ንብዖት ንዓይኒ ናብ ነባሪ ዕረት ከበጽሕ ወይ ናይ ምርኣይ ክእለትካ ንቀጻሊ ከጎድል ዝኽእል ኣይኮነን። ዝጠዝሑ መጽናዕቲታት ከምዝሕብርዎ፣ ብጠዚሒ ንብዖት ጸቡቕ'ምበር ሕማቕ ከምዘይኮነ እዩ። ናይ ምርኣይ ተኽእሎና ከጉድልን ናብ ብዙሕ ዓይነት ሕማማት ዓይኒ ከቃልዓናን ዝኽእል፣ ብጠዚሒ ምንባዕ ዘይኮነ፣ ጭንቀትን ናይ ሓንጎል ዘይምርግጋእን እዩ። ብዙሓት መጽናዕቲታት ከምዝሕብርዎ፣ እዚ ዓይነት ኩነታት ኣእምሮ ንሕማም ድርቀት ዓይኒ፣ ግላኮማ፣ ናይ ውሽጢ ዓይኒ ድኽመት (Retinal Degeneration)፣ ምጉዳል ናብ ዓይኒ ዝውሕዝ መጠን ደምን ካልኦትን ከቃልዓና ይኽእል እዩ። ስለዚ፣ ብጠዚሒ ንብዖት ጠቃሚ እምበር ጉዳኢ ኣይኮነን። እቲ ክጎድኣና ዝኽእል ነገር ግን መበገሲ ናይቲ ንብዖት ምኳኑ ክስተውዕል ይግበኣና።

### ካብ ስምዒት ዘይቕስል ንብዖት ሕማም ድዩ፧

ንብዖት ዝኾነ ዓይነት ጉድኣት ከስዕብ ዘይክእል'ኳ እንተኾነ፣ ብዚይ ምኽንያት ብጠዚሒ ምስ እትንብዕ ግን ምልክት ናይ ገለ ካብ ዓይነታት ሕማማት ዓይኒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ገለ ካብኦም - ድርቀት ዓይኒ፣ ምዕባስ ናይቲ ንብዖት ዘመሓላልፍ ትቦ፣ ግላኮማ (ልዑል ጸቕጢ ዓይኒ)፣ ነድሪ ላዕለዋይ ሽፋን ዓይንን ጉልባብ ዓይንን፣ ማህረምቲ ኣብ ዓይኒ፣ ምእታው ርስሓት ናብ ውሽጢ ዓይኒ ምጥቃስ ይከኣል። ስለዚ፣ መጠበሲኡ ዘይፍለጦ ዓይንኻ ብጠዚሒ ክትንብዕ ምስ ተስተብሀልካ ናብ ሕክምና ምኻድ ኣድላዪ እዩ።

ኣዳላዊትና- ኦፕቶመትሪስት ቅሳነት ሰለሞን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሃብተማርያም ጸጋይ ገብረሚካኤል፡ ወ/ሮ ሰንበት ግለኡ ገብረእግዚኣብሄር፡ ጓልና ሳሌም ሃብተማርያም ጸጋይ ስለዝተሰወኣት፡ ንሕና ወለዳ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣኽበረት ወልደሩፋኤል ተከኤ፡ ብዓል ቤተይ ተፈሪ ጸጋየ ሃይለማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ኣመልካቲ ወረ/ፍ/በዓ ኣደጸገብ ግደ ት/ዕድመ ብርሃ በዓ ኣደጸገበን ተጸዋዒት ወ/ረ/ነ/በዓ ኣደጸገብ ወ/ሮ ርግኣት ዑቕባጋብር ዝነበረ ዘሎ ጉዳይ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ርእሶም ወልደኣብ፡ ኣዴና ስምኦም ተስፋጼን ተስፋማርያም ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

መድሃን ያቆብ ሃይሉ፡ ኣዴና እዝጊሃርያ ሙሓሰ ተስፋ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይግባዕ/በዝልቲ 1.ወ/ሮ ጅርም ተኽለይ ወ/ትንሳኤ 2.ወረ/ፍ ግርማይ መንግስ ደብሳይ 2.1 ሳሙኤል ግርማይ +1 ወ/መልሲ 1.ወ/ሮ ጉት ገብረንጉስ ጸጋኣየሱስ 2.ወረ/ፍ ገብረብርሃን ግርማጼን ሮኽረጼን 2.1 ዓወት ገብረብርሃን ግርማጼን +1 ዘሎ ናይ ሰቪል ክርክር ማሳረት ብምምባር መ/ወሃብቲ ዓወት ገብረብርሃን ግርማጼን 2.ንያት ገብረብርሃን ግርማጼን ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ጸሃይነሽ የውሃንስ ካሕሳይ፡ ኣቦይ የውሃንስ ካሕሳይ ጋንጉል ስለዝሞተ፡ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ከምኡ'ውን ኣዴና ጸገ ተስፋጸየን ወልደገብረኣል ስለዝሞተት፡ 3 ደቃ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይግባይ/በዝሊት ካድራ ዓብደላ ሙሳ፡ ወኪ. መልሲ. ትብርህ ፍቕረእየሱስ ተስፋልደት፡ መልሲ. ወኪት ኣድራሻኺ. ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ. ኣቶ መሓሪ ኢሳቅ ፍስሃጼንን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላም ኪዳነ ኣብርሃምን ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ፡ ተኸሳሲት ንጹር ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኪ. ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ተኽለ ፍስሃየ ገብራት፡ ስም ኣደይ ሰንበቱ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ሰንበቱ ሸፍታ ከልብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ተመስገን መኮንን ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ብሩኽ መኮንን ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ዳዊት ግርማይ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም ግርማይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ጉት ተወልደ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዛፉ ወልደማርያም ስእለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ማክዳ ኣብርሃ ወልደኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ደሞዝ ፔትሮ ቺቶ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኣብርሃ ተከኤ፡ ብዓል ቤተይ በርሀ ተወልደ ገብረኪዳን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ተኽለ ክብርኣብ፡ ብዓል ቤተይ የናስ ሃብተ ተኽለይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ ወልደሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ወልደማርያም ሃብተስላስ መድሃኔ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኪዳነ ብርሃ ወልደስላሴን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃብተማርያም ተኸስተን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃብተማርያም ተኸስተ ኣድራሻኻ ወጻኢ. ስለዝኾነ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/12.25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ከሳሲ. ተወልደመድህን ዘርኡ ወ/ማርያም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ጸጋይ ገብረእግዚኣብሄር ዘወልዴ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 9ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ተኸሳሲ. ኣቶ መንግስ ክፍለ ሃብተጸየን፡ ከሳሲ. ኣቶ ኣብርሃም ነጋሽ፡ ናይ ሰቪላዊ. ክሲ. ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣመልካቲ ትርፍሽ ገብረመድህን፡ ኣዛዚል ክብሮም፡ ተጸዋዒ. ጥዑምዝጊ. ሞገስጸየን ናይ ምቅሊት ውርሲ. ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

መድሃን ኪዳነ ካሕሳይ፡ ተጸዋዒት ጓለይ ወ/ት ሰናይት ኣብርሃም ተስፋልደት፡ 10 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍኣቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ቢንያም ኣፈወርቂ እስጢፋኖስ ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም የናስ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዛይድ ተስፋሚካኤል ተሰማ፡ ስም ኣደይ ህድኣት ኣብይ ዑቕባጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ህድኣት ኣብይ ዓንደጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሩታ ብርሃ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ዓወት ሰለሙን ወልደየውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣኽበረት በርሀ ንጉሰ፡ ብዓል ቤተይ ሌ/ኮ ብርሃ ተስፋጊዮርጊስ ቴድሮስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃ ብሩ፡ ብዓል ቤተይ መጃሾ ገብረሂወት ገብሩ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ተስፋማርያም ምስገን፡ ብዓል ቤተይ ሜጀር ነጋሲ. ተስፋዝጊ. ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ወራሲ. ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰለሆም ተስፋኣለም፡ ኣደይ ሰላም ወልደማርያም ገብረኣምላኽ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ናጽነት ግርማይ ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ደብሳይ ተስፋጊርግሽ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰምሰም ድራር ተኽሉ፡ ኣቦና ድራር ተኽለ ሙሳ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የማነ መኮንን መዛንግያ፡ ሓጀር ምሑር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፍትሒ. መሓመድብርሃን ማዕሩፍ፡ ስም ኣደይ ዘይነብ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዘይነብ መሓመድዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሉቱ ጊላዝጊ. ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ካፕቴን እስጢፋኖስ ምናስ መድሕን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ነጋሽ ገብረየሱስ፡ ኣደይ መዛንግያ ምሕጹን ሃይሉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ንዓኢ. ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤችኣይ.ቪ. ብግልጺ. ንዘራረብ !!!



# ምልክታ

ናጵነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ይግበዩ በዓልቲ ወረ/ፍ ብሌታ ግርግይ ወልደትንሳኤ 1.ወ/ሮ ትርሓስ ገብረእግዚኣብሄር +6 መልሲ. ወሃብቲ ወረ/ፍ ብሌታ ግርግይ ወልደትንሳኤ 1.ኣቶ ቴድሮስ ግርግይ +5 ኣብ ይግበዩ ሰሚዒ ቤ/ፍ ዞባ ማእከል ይከኣኸሉ ስለዘለዉ፡ መልሲ. ወሃቢት እልፍሽ ግርግይ ወልደትንሳኤ ተጸዊዕኺ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣብዱት ኣብርሃ ካሕሳይ፡ ብዋል ቤተይ ጴጋይ ከበድ ኣብርሃም ስለዝሞረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ደማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ፍጹም ገብራይ መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ኣመት ኣድጉይ ምባል ተሪፉ፡ ኣመት ገብረማርያም ኪዳኑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ኣስመረት ካሕሱ፡ ብዋል ቤተይ ያፌት ቃልኣብ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣብርሃም ወረደ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃለይ ሰርሃይ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ እምሃ ማዘንግዕ ተስፋሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ልኡል ኣብርሃም ገብረስላሴ ስለዝሞረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተኸሰስቲ 3.ሳልሕ ዓብዱ 4.ያሲን ዓብዱ 5.ሩማና ዓብዱ 10.ኣሚራ ዓብዱ 11.ርዝቀይ ሐሴን 12.ዘቢባ ሐሴን 13.ራፋና ሐሴና 14.መና ሐሴን 15.ጀማል ሐሴን 16.ንዕማ ሐሴን 17.ኣክረም ሐሴን 18.ዓብደልዓዚዝ ሐሴን 19.ኣወልከር ኑርሐሴን 20.ካልድ ኑርሐሴን 21.ዓብደራሕማን ኑርሐሴን 22.ኑረዲን ኑርሐሴን 23.ኣደም ኑርሐሴን 28.ዘምዝም ሓሰን 29.ሩማና ሓሰን 30 ሶፍያ ሓሰን 31.ኣሲያ ሓሰን 32.ሩቀያ ሓሰን 33.መሓመድኑብርሃን ሓሰን 34.ጀማል ኣሕመድ 35 ጀምዓ ኣሕመድ 36.ቀመር መሓመድ ሓደሽ 37.ጥሃ መሓመድ ሓደሽ 38.ኑርያ መሓመድ ሓደሽ 39.እድሪስ መሓመድ ሓደሽ 40.መና መሓመድ ሓደሽ 41.ዓብደላ መሓመድ ሓደሽ 42.ዑስማን መሓመድ ሓደሽ 43.ዓብደልባስጥ መሓመድ ሓደሽ 44. ፎዚያ መሓመድ ሓደሽ 45.ዓብደልቃደር መሓመድ ሰዒድ 46.ኣወልከር መሓመድ ሰዒድ 47.ኑረዲን መሓመድ ሰዒድ 48.ዓብደል ሓሚድ መሓመድ ሰዒድ 49.መሓመድ ኢብራሂም ናይ ምንብባር ወርሲ. ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን2/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸገሬዳ ተስፋጋብር በርሀ፡ ብዋል ቤተይ ካሕሱ ክፍለዝጊ ሓድጉ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መድሃኔ ብርሃ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ የሲፍ ብርሃ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅሳነት ኀይትኦም ወልደሩፋኤል ምባል ተሪፉቅሳነት ተስፋይ ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓደራ ተኽለ ገብረማስቀል ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ተኽለ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተገብርኤል ሃብቱ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ሰላማዊት ሃብቱ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ጴጋይ ክፍለ ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ጸጉ ክፍለ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ዓወት ምሕረትኣብ ጴጋይ፡ ስም ት/ዕድመ ሳይሞን መድሃኔ ምባል ተሪፉ፡ ሳይሞን መርሃዊ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ፍሊሞን ገብረጻድቃን ረዳ ምባል ተሪፉ፡ ደስበለ ገብረጻድቃን ረዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገ ገብረእግዚኣብሄር ባህታ፡ ብዋል ቤተይ ሓበን ደስበለ በየነ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

መብርሂት ተስፋገርግሽ በየነ፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ናጽነት ዑቕበት ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ናጽነት ዑቕበ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ. ሚከኤል ሄኖክ ጆርጅ ቢቶርዮ ሄኖክ፡ ተኸሳሲ. ሚካኤል ርእሶም ኣልኣዛር፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሰስቲ ሃብቶም ኣፍወርቂ ሸዊት ሰለሞን፡ ወኪል ተበርሀ ፍትዊ፡ ተኸሳሲ. ጸጋዩ ፍትዊ ተስፋይ፡ ናይ ስም ገዛ ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዑመር ዓሊ. ሕንዙርኳ ምባል ተሪፉ፡ ዑመር ዓሊ. ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓወት ካሕሳይ ስብሃቱ ምባል ተሪፉ፡ ደሴ ካሕሳይ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ለላ በየነ ገብረዝጊ፡ ብሕጋዊ ወኪል ኣቡኣ፡ ኣደይ ከበደሽ ዑቕባይ ሃይለ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ዑስማን እድሪስ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን እድሪስ ስምራን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምራድ ፈይሰል መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ምራድ ወልደሚካኤል በለው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸየን ሃይመን ረዳኢ፡ ብዋል ቤተይ ማቲዎስ ግርማይ ግዝኣት ብ2008 ዓ/ም ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀማል መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ጀማል ሕመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድሓሰን መሓመድ ማሕሙድ ካብ ተጸዋዒ ኣቶ ሰለሙን ተስፋይ ተኽለ ብዕለት 25/06/2015 መኪና ቁጽሊዓ ዝበረ ER-1-20965 ዝኾነት ስለ ዝዓደግኩ፡ ናብ ስመይ ክየመሓላለፈለይ ስለ ዝኸደ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ ያቆብ ወልዱ ሕጂት፡ ወለደና ወልዱ ሕጂት ዘርኡን ኣለን ተስፋሃንስ ሓመድኖርን ስለዝሞረሩ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ኣውዓሎት ምሰየና ቀለታ፡ ብዋል ቤተይ ኣቶ ሓጃይ የገን ሓጃይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

ደሃብ ዓንደማርያም፡ ጓል ጓለይ ምሳይ ዝዓበየት ሃረር የናስ ሃብተማርያም ኣቡኣ ንወጻኢ. ምስ ከደ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ንዓኣ ባዕለይ ስለ ዘዕበኹዋ፡ ሞግዚት ስልጣን ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሃብ ዓንደማርያም፡ ጓል ጓለይ ምሳይ ዝዓበየት ብርኽቲ ሓሚዳ ዓሊ፡ ኣቡኣ ንወጻኢ. ምስ ከደ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ንዓኣ ባዕለይ ስለ ዘዕበኹዋ፡ ሞግዚት ስልጣን ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ. ኣቶ ኣብርሃም ማስፍን ስብሃቱ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሰላም ኣርኣያ ሓሚድ ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብለይ ትጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ኣጁ ጀጋ ቶለ፡ ሓወይ ሹሪ ጀጋ ቶለ. ስለዝተሰወአ፡ 3 ት/ዕድመ ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወልምስ ገብረኪዳን ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ሙሴ ገብረኪዳን ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ጉት ኣብርሃ ሃብተሚካኤል፡ ብዋል ቤተይ ማርቆስ ኣልኣዛር ገብረክርስቶስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1 ጓልና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ግሶስ ሳልሕ ዑገባ ምባል ተሪፉ፡ ግሶስ ሳልሕ እድሪስ ዑገባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳልም ሰዒድ ባኩዱዑ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ቁርሲ. ንግዳዊ ትካሎም፡ "ፌሩዛ ቤት ቁርሲ." (FERUZA SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ. መአገዲ. የቕርብ። እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ከምዝምዝገብ ፍለጡ።

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ.



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## “መግዛእቲ ስኞራ” ብዓይኒ በየነ ሃይለ

*ካልኣይን መዳእታን ክፋል*

*ኣብ ፈጠራዊ ደርስት ቋንቋ ትግርኛ፣ በየን ሃይለ ድሙቕ ስም ኣሎዎ፡፡ “ግቢዶ ትብልዎ?” “ደኳን ትብርህ”፡ “ትጸበት ባሀጉ” ዝብሃሉ መጻሕፍቱ ቀንዲ ማለለዪኣን እዚ. ጥልቂ ፈጠራውነት’ዩ፡፡ “ወግዒ ልቢ” ዘርእስታ ናይ መድረኽ ድራማኡ’ውን ልዑል ፈጠራን ጥርዚ ዕላል ሓሳባትን ሓዚል’ያ፡፡ በየኑ ግጥምታት ይገጥም፡ ቅብኣታት ይቕብእ፡ ዓንቀጻት ይጽሕፍ’ውን ነበረ፡፡ እዛ እነቕርበልኩም ጽሑፍቲ ብዛዕባ’ታ ህቡብቲ መጽሓፍ “መግዛእቲ ስኞራ” ዝጸሓፎ እዩ፡፡ ካልኣይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ፡፡*

ጉብረእግዚኣብሄር’ውን ከማይ ግዙእ ዳንተኘ፣ ጌተኘ፣ መስርሒ ቃልሲ. ናጽነት ኤርትራኘ፣ ሽርጂልኘ፣ ሆመርኘ፣ ሰርቫንተስ … ደኣ ኣይኾነን እምበር፣ ኑቲ ናብራስ ብዘይተጨበጡ ኣምራት ባዕዳውያን ፈጠርቲ ስነጽሑፍ ዘይኮነስ ማዕቀላዊ ብዘኾኑ ብንጹህ ኤርትራዊ ጽርየት እምነቱ ገሊጹዎ እዩ፡፡ ኣብ ሰምጥ ጥራሕ ደዩ ተወሲኑ ተሪፉ ጉብረእግዚኣብሄር ወይ ድማ ኩሉን ናይ ዳንተ ክብርታት በጺሑወን እናበልኩ ንጉበሰይ ሓቲተ ነይረ፡፡ ግን ጉብረእግዚኣብሄር ይኾን እቶም ካልኦት ኣብ ሰምጥ ጥራሕ ኩይናም መራሒ ረቒቕ መንፈሶም ከጸበዩ እየም ዝርኣዩኒ፡፡ ምናልባት እቲ መራሒ ዝበሃል ሰብ ዘይኩነስ ብናይ ቀለም-ቀመሳት ወሰኑ ሪኢይ ዘይተደብደበ መወዳእታ ኣልቦ ዝኾነ ፍጹም ናሕሲ ልዑል ምህሮን ፍልጠትን ኣብ መድረኽ ፍጹም ተኽእሎ እዩ ዝኸውን፡፡ ከም ሽርጂልን ቢያትሪስን ዝኣመሰሉ ፍኖተ-መንገዲ ዝሕብሩ መራሕቲ ከይረኸቡ ድማ ነተን ናይ ግዛቡ እሳት ክብርታት ሓሊፎም ብጦታ ሰብ ንኡሓ ኣብሎም ብፍቕሪ ብያትሪስ ተመሲጦም መንግስተ-ሰማይ ይኣትዉ. ንምባል ይኽበደኒ፡፡ ሽዑ ይኾን ሕጂ ካብ ሰምጥ ኣበራብሩ ዘንቅሕ ፍልጠት ካብ ቀለም-ቀመሳት ዝውደቦዎ ትምህርትን ምሕደራ ስራሕን ክየርግ ኣይረአኹን፡፡ ህጻናት ኣብቀሉ ኣዕምብቡ ዘፍሪ ብቕዓት መራሕትን ኣምሃርትን ምስ ተረጋገጸ እዩ እቲ ልዑል ፍልጠት ዝሀልጽ፡፡ እዚ ብቕንጠባን ጥቕምን ዝልካዕ ግዚያዊ ዝኾነ ግዙፍ ጥቕሚ ሓሊፉ ንወሰጣዊ መንፈስ ዝኣብድ ረቒቕ ሓይሊ. ዘለዎ ፍልጠት ካበይ ይምጻእ ዝብሉ ተመራመርቲ ግድን ከድልዩ ይኾኑ፤፡ ንኣብነት፡ ክእለት ምሕደራ ዘይኩነስ ጸሩይን ብሉጽን ምሕደራ ንኽህሉ ኣብ ውሽጢ. ንሱት ተኣጉዶም ብልዑል ባህግታት ዘቃጽሉ ሓይሊታት ማለት ክኸውን ይኽእል፡፡ ንድሕሪት ጉቲዮም ከይመልዩ ዝጸልምቱልና ጸረ ትካላዊ ብቕዓት እንታይ ዝኾኑ ናይ ዕንቅፋት ሓይሊ. ምኻኖም ከዊቶም ዝፍልፍሉ ፈላስፋታት ቅልቅል ክብሉናስ ንሓዋሩ ናይ ግድን ክኸውን እዩ፡፡ ንወሰጣዊ ህልውናና ዳህሰሱ ማዕቀላዊ መፍትሕ ናብራ ዘይፈጠረ ጫውጫው ቀለም-ቀመሳት ግን ሓይጋታት ካብ ምብዛሕ ሓሊፉ መንፈስ ዝኣብድ ኣይመስለን፡፡ እቲ ቃልሲ. ብረቒቕ ሓሳባት እምበር ብኻዳ ቅሉዕ ሓይሊ. ኣይከውንን፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሰደት ሃገራት፣ ኣብ ርእሲ. ኤርትራውያን ሰረጹ ልቦና ዘጥቅዕ ግፍዕታት ብደረጃ ርቀት ወይ ግዙፍነት ወይ ብዓይነት ቅድን ቅርጽን እምበር ብትሕዝቶ ክንደየናይ ከይፍለ፡፡ ደስተር ደኣ እምበር፣ ኣመጻጽኣ ኣብያት ስለ ዘይፍለጥ ኣብ ዓዲ ተኸሲቱ ዘፈጥሮ ምድንጋር ከይህሉ ብዙሕ ሓልዮት ከየድለዩ ኣይተርፍን፡፡ ኩሉ ኸኣ ንብቕሊ.ን ጥጥዑን ምሉእ ሰብኣውነት ኣቕሳሉ ብምማላን ምልኣተ ሕሊናን ፍልጠትን ዘስሕት እዩ፡፡ ብመግዛእቲ ካብ ዝቐለ ማህሰይቲ ሰብኣውነት ሓወዩ ክጥዒ ዝኽእል ቀለም-ቀመስ ወይ መሃይም ንምርካብ ቀሊል ኣይኩነን ደብዛል፡፡ ኣብ ውሻጠጸልማት ብዑትና ስለ ዝሰፍር ድማ ኣብ ዘሽከኦ ጉድጓድ ኣትዩ ዝቖቖ ለቦም መጸናዕቲ የድልየ፡፡

ብሞጌላ ኣኒጋግራ ዛንታኡ ገይሩ፣ ጉብረእግዚኣብሄር፣ ኑቲ ኣብ ኤርትራውያን ክበጽሕ ዝኽእል ግፍዒታት ብደረጃ ትዕዝብቱ ኣዝዩ ገሊጹዎ እዩ፡፡ ንተቐብልትን ኣውረድትን ግፍዒ ፊት ንፊት ኢጋጢሙ ንጹር ዝኾነ መስትያታዊ መርትዖ ንፍርዲ ኣንብቢቲ ኣረከቡ ክበሃል ዝከኣል ይመስለኒ፡፡ እቲ ንመንነት ዝጭፍልቕ ግብርታት ግዛእቲ ሓሳባት በብመልክዑ እናፈላለየ ብናቱ ንጹር ቋንቋ ዘርዚሩዎ እዩ፡፡ ኑዩም ኣብ ናብራ ሰደቱ ዝገጠሙዎ ሰባት ኣሕጻር ኣቢሉ እዩ ስእሎም ንኣንብብቲ ዘቕርብ፡፡ ቅጽል ኣቢሉ ድማ ኣተሓሳስባኦም ዘመልክት ወግዖን ዕላልን ብምምዝጋብ ጥራሕ ኑቲ ኩነታት መግዛእቲ ሰደት ብኣፎም ገይሩ ናይ ምግላጽ ክእለት ኣለዎ፡፡ ኣለና ንዝብሉ ደረስቲ ብዘቐንእ መንገዲ ደይመደይ ኣሉ ንዘኾቶም ኣዛረቡ




ዘዘርቦም ዘሎ እዩ ዝመስል፡፡ ብኡኦም ገይሩ እዩ ህይወት ሰደት ዘቕብዩ፡፡ ደብዳባ ጹሓፊልና ዝብል ድሕሪ በዚሑ መሃይምነት ዓብሊሉ ከም ዘሎ ኣንብብቲ ስለ ዝርድኡ ኑቲ ኩነታት ክገልጽ ኣሉ ግዜ ኣንብብቲ ኣየጥኽኑን፡፡ ወናኒ ውሕልነት ኣጹሓሕፋ ዝኾነ ጹሓፊ ንጉበሰስ ምስ ደረስቲ ዝሰርዕ ከም ዘይኮነ እዩ ዝገልጽ፡፡ ብዓይነይ ድሕሪ ኩይኑ ግን ኣየባ ክውንን ብሊሓት ኣጹሓሕፋን ዝበሃል ሰብ እዩ፡፡ እቶም ጠቢያት ክንብሎም እንኽእል ኣብ ህይወቱ ዝገጥሙዎ ሰባት ብሒደት ዘረባ ሓቅታት ሰደት ግንጽል ኣቢሎም የርእዩ፡፡ ዝምድናታት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፡ በቲ እዋን’ቲ ዝቐየድ ዝነበረ ሃገራዊ ቃልሲ. ናጽነት፡ ቀንዲ ንዕላል ዝለዓል መዛረቢ ነጥብታት፣ ሰደተኛታትን ኣብ ቦታ ሰደት ዘሎ ናይ ፍልጠት ሃጓፍን፣ ፍልስፍና ናብራ፣ ወዘተ ኣንብብቲ ካብ ገርሂ ዘረባታት መጋጥምቲ ደራሲ. ከም ዝመሃሩ ይገብር፡፡

እዚዩ ኣሎማ፣ እቲ ኢላትኒ፣ ከማዚ ተበሂሊሎም፣ ኢሉ ብምምዝጋብ ድማ ተገለጹ ዘይሃልቕ ሓበሬታ ከም ዋዛ ኣብ ቅድሚ መኣዲ ኣንብብቲ ኩምር የብል፡፡ ግደ ምምርማር ግን ኣንብብቲ ብዘተረድኡዎ ተሃሪሞም ቁስሎም ባዕሎም ንኽሕክሉ ይገድፍ፡፡ ኣብ ኣካላዊ ጉልበቱ ኩነ ኣብ ርቀት መንፈሱ ዝበጽሐ ማህረምቲ ከይሓተቡ፡ ኑቲ ዝተሰምዖን ዝሓሰቦን ብንጹር ስለ ዝገልጸ፣ ንዕኡ ጥራይ ዘይኮኑስ ንፍልስፍና መግዛእቲ ንምርዳእ ዘኽእል ሊጋስ ወግዒ ይፈጥር፡፡ ኑቲ ብእምብዛ ሕፍረት ክሕብኦ ዝኑበር ጥንሲ. ሃሲያ ሰደትን መግዛእታዊ ኣተሓሳስባን ከም ንብር ዕሉታዊ ጋህዲ ገይሩ ስለ ዝገለጸ እንተውሓደ ኑበሱ ብጉበሱ ዝደሓነ ይመስለኒ፡፡ ንካልኣይ ዘር ሰደቱ’ውን ንዓወት ዘበቕዕ መድሃኒት ቋጺሩ ክኑበር ተሰኡ ይገብር፡፡ እቶም ወርደትና ሓበእና ዘለና ግን ክንደየናይ ከይንጥዒ፡፡ ዕርቃንና ዘኾልዕ ማሰሊና መሕብኢ ሕፍረት ኣልና ንሉቦ መታለሊ. ዝኾኑ ተርእዮታት ንጉበስናን ንኸበቢ.ናን ብሸበድቡዳዊ ፍኹሰት ካብ ምፍታን ዝሓልፍ ኣይከኑኑ፡፡ እቶም ግዙእቲ ሓሳባት፡ ዓይነት ግዙኣት እናቕያየሩ ክኑበሩ ንዕዙብ ኣለና፡፡ ርቕቕ ብዝበለ መንገዲ ንግዙኣት ዝምችእዎም ብዙሕን ደረጃን ክውሰኑ እንክለዉ. ከርኢ. ዝኽእል ተመራማሪ እንተልዩ’ዩ ቲ’ ዝርእ ዝርኢዩ፡፡ ጉብረእግዚኣብሄር እዚ. ኣምርኢ. ዝሕግዝ ኣፍልጦ ግርህነት ዝዕብለሎ ኣቡኑት ብምቕራብ ገሊጹዎ እዩ፡፡ ሽዑ ጸቢሒ. ምስራሕ ዝኽእል የድለ. ዝብሉዎ ዝበሩ ሕጂ ደረጃ ዓይነት ስራሕን ትምህርትን ዕድመን ዋጋን ምባል ጀሚሮም ኣለዉ፡፡

እቶም ኤውሮጳውያን ብገዛዋታዊ ናብራ’ኳ ዝለዓሉ እንተ መሰሉ፣ ብጥምጌት እምነትን ሓቅነትን ዝሰቐዩ ምኻኖም ደራሲ. ኣይሰሓተን፡፡ ካልእ ይትረፍ እምነት ከም ሃይማኖታዊ ልቡሶም ጥራሕ ምኻኑ ዝተረድኦ እዩ ዝመስል፡፡ ብናይ ግዛእ ትዕዝብቱ ተመሪሑ ብሰብኣዊ ቅድስና ጸምባለል ከም ዝበሎም ኣይተጠራጠረን፡፡ ኣብ ጽሑፉ እቶም ኤውሮጳውያን ንሕሰየ ዘይብሎም ጨካናትን ስሱዓትን ምኻኖም ብምግራም እዩ ዝደጋገም፡፡ ኩለን ስኞራታት ሓደ ምኻነን ኣብ ርእሱ ብዘወረደን ኣብ ካልኦት ዝተደጋገመ ግፍዒ ምስ ኣረጋገጸን ተሰፋ-ቆሪጹ ጥራሕ ዘይኮነስ ብምግራም ከይህሰ የፍርሕ፡፡ ካልእ ሰደት’ውን ዝተገልበጠ ወጮ ስኞራታት ምኻኑ ንዝመራመሩ ኣገዲፉ እዩ፡፡

ጥቓት ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ መጽሓፉ ዝጠቐሶ ወቕቲ ኣቢሉ ይኸውን ዓዲ ጥልያን በጺሐ ነይረ፡፡ በቲ ዝረኣኹዎ፣ ብዛዕባ ናብራ ኤርትራውያን ካብ’ቲ ደራሲ. ዝበሎ ዝውሰኾ የብለይን፡፡ ካብኡ ንላዕሊ. ክገልጾ’የ ዝብል ብዙሕ እንተ ዝሓስብ ይሓይሽ በሃላይ እየ፡፡ ናተይ መገሻ ግን ንሰደት ኣይነበረን፡፡ እቲ ምሳይ ዝጸበየ ሰደተይ ኣብ ኩብደይ ዓቢጡ፣ ዓዲ እየ ዝርኢ. ነይረ፣ ዓዲ ሰሃጥቡብን ታሪኽን፡፡ ከየቋረጽኩ ሰሃጥቡበ’የ ዝምንቡ ነይረ፡፡ ናተይ ሰሃጥቡባዊ ስርሓት ዝበልኩዎ ኣሳእል ኑዩም መስተማቕርቲ ሰሃጥቡ እየም ዝበልኩዎም ብወግዒ ኣርእየዮም፡፡ ስኞራታቶም ንደቂ ዓደይ እንታይ ይገብራኦም ከም ዝበራ ጋሻ ዝኾነ ቅልዓት ሓቂ ኣይነበረኒን፡፡ ኣሳእለይ ርእየን ዝሶዚ. ፍሽኽታን ሕቖፎን ስዕማን ግን ንታሪኽ’ዩ እንተ ተረፈ፡፡ ምስቶም ሐደት ዝገጠሙኒ ደቂ ዓደይ ግን ብዛዕባ ሰሃጥቡብ ኣየዕለልኩን፡፡ ዓይነት ናብራኦም ኣይተሰወረንን፡፡ ኣብ መንጎኦምን ኣብ ከበቢኦምን ዝበረ ባዶ ምድረበዳ ዕውረት ቀልጠፈ’የ ርእየ፡፡ ‘ተርሚኒ’ ኣለ ዝሰመኹዋ ተዋስኦ ንምድራስ ዝድልየኒ ሓቅታት ዘናድየሉ ግዜ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ደቂ ዓደይን ኣብ ቀልቢ. ይኹን ኣብ ቆላ ሰሃጥቡብ ወይ ኣብ ፍልስፍና መራኸቢ. ዝኸውን ድልድል ኣተሓሳስባ ኣይነበረን፡፡ ጉብረእግዚኣብሄር ብዛዕባ ተርሚኒ ዝይምልዓሉ’ኳ እንተ ገረመኒ ክንደይ ኣሉ ክልዕል ኣለ ምስ ሓለፍኩዎ እቲ ናይ ዶብን ንብረትን ክሊ. ዝኾነ ኣምላኽ ሮማውያን ዓበይ ተዋስኦስ ንኸይርስ ኣላዒሉኒ ከም ዝበረ ምምልካት የድሊ. ይኸውን፡፡ እቲ ዝተጀመረ ጽሑፍ ግን ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ከይተፈጸመ ጠፊኡ፡፡ ከም ምልክት እየ ክጥቀመሉ ደልየ ነይረ፡፡ እቶም ኣብ ሰደት ዝበሩ ኑቲ ዶብ ኣተሓሳስባ ከፍርሱ ደልዮም ደዮም ንቤተ መቕደስ ተርሚኑስ ዝመላለሱ ነይሮም፣ ብሓደ ወገን እንቋዕ ዘይውዳእኩዎ እብል እየ፡፡ ብእምብዛ ርቀቱ ጥራሕ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ. ስለዝበርር ዝውዳእ’ውን ኣይነበረን፡፡ ኣብ ሮማ ትምህርቱ ዝዘዘም ናይ ተዋስኦን ፊልምን ምህር ዓርከይ ዶክተር መኮንን ኑታ ተዋስኦ ዘይምውድኣይ ብዙሕ ሓዚኑ፡፡ ብዘዘርከዎ ጫፍ ታሪኽ ተዋስኦ ብርቱዕ ፍቕሪ ሓዲሩዎስ ናብ ሃገሩ ምስ ተመልሰ ቀዳማይ ስርሑ ብዙርሚኑስ ክጀምር ተመኒዩ ነይሩ፡፡ እታ ዘይፈጸምኩዋ ተዋስኦ ግን ከም ህልውቲ ኩይና ኣብ ጉደናታት ኣስመራ ተሰንጺ. ኣሎ፡፡

ኣብ ከተማ ሮማ ካብ ዝረኣኹዎ ሓደ ዘርም ቦታ እቶም ጥንቲ ግፉዓት ዝበሩ ተኸተልቲ ክርስቶስ ዝዕቑቡሉ ዝበሩ ካታኮምብ ዝበሃል በዓቲ ጉድጓድ እዩ፡፡ ኑቲ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ዝተፋሕረ ናይ ጥንታውያን መቓብር መዝበር ሕቡእ እምነቶም ገይሮምስ ማዕረ ቤተ-መቕደስን ሰሃጥቡባዊ ስርሓትን ሃጸሙሉ ነይሮም፡፡ ኑቲ ኣብ ጉድጓድ ዘሰፍሮም ዝበረ ሓይሊ. ዓለም ግን ብኩናት ዘይኮነስ በቲ ካብ ጉድጓድ እምነቶም ዝወጸእ ዝበረ ፍልስፍና ገዩርም ቀይሮሞ፡፡ እቶም ዘሳድዱዎም ዝበሩ ድማ ተኸተልቲ እምነቶም ጥራሕ ዘይኮነስ ቀንዲ መራሕቲ ሃይማኖት ኮይኖም፡፡

ዳርጋ ከም ፍልስፍናዊ ዕላል ገይርና ሽዑ ይኸውን ሕጂ ኤርትራውያን ኣብ ካታኮምብ ዲና ዘለና እናበልና እንተ ንመራመር ብኸመይ ዝበለ ምምዛውን ፈጠራውን ወግዒ. ምትመያየጥናሉ ነይርና እናበልኩ እሓስብ፡፡ ኣብ ውሻጠ ጉናጉዲ ከዊልና ዝኣጉድናዮ’ሞ መዓልቱ ይጸበ ኣልና ከተቐምጦ እንኽእል ረመጽ እምነት’ዶ ኾን ይህልወና ይኸውን እናበልኩ ንጉበሰይ እሓትት፡፡ ኑቲ እምነትና ካኽሰሉ ጉድጓድ በሰዑ ኑዩም ኣብ ውሽጥና ይኾን ኣብ ኩሉ ማስርዕ ናብራና ዘሰድዱና ዘለዉ. ግዛእቲ ሓሳባት ኣብሪዑ ተኸተልቲ እምነትና ናይ ምግባር ሓይሊ. መዓስ ኢና ነጥሪ እናበልና ሕቶታት ክንዘርዝር እንተ ንኽእል ኣሎ’ውን እዩ፡፡ ኣብ ከም’ቲ ኣብ ዓዲ ጥልያን ዘሎ ጥንታዊ ካታኮምብ ኣይኣተናን፣ ሕጂ’ውን ኣብ ከምኡ ዓይነት ንኣቱ ኣይመስለኒን፡፡ ምናልባት ካታኮምብታትና እቶም መዕቑቢ. ይኹኑና ይኹኑ ኢልና ዝተሓብእናሎም ቦታ ሰደት፡ የድሕኑና ኢልና ንላዕሊ. ቁሊሕ እንብሎም እምነታት፡ ወይ ልዑላት እየን ዝብሃላ ትምህርታዊ ትካላት፡ ኣይ ህይወት ኣይ ሞት ዝኑበሩና ዕዮታት፡ መዓልቦ ዘይብሎም ኑፈስቲ ሓሳባትን እቲ ሸበድበድ ናብራን ደኣ ከይኾኑ፤ እቲ ክሱብ ዝኾነ ዝኸውን ንሓቃዊ መንነትና መኸወሊ. ገይርናዮ ዘለና መጋረዲ. መዓስ ስርሑ የብቕዕ ይኸውን ኣልና እንተ ሓቲትና’ውን መልሲ. ንምርካብ ተወሳኺ. ሓይሊ. እንተ’ጥሪና እንታይ ይፍለጥ!


ጉብረእግዚኣብሄር ብዙሕ ግዜ ብዮዙይ ኣጻዋውዓን ኣዳምጻን ስሙ ከም ዝኾረየ እታ ምቕርቲ መጽሓፉ ተዘኑቱ ኢያ፡፡ ንመንነትና ዝፈታተን ናይ ጸልማት ሓይሊ. ብኣሰያይማ ሰብኣውነትና እዩ ዝጅምር፡፡ ናይ ኣለክስ ሃለይ ኩንታ ኪንተ ዘይሰሙ ንምንጻግ ዘሕለፎ ገድሊ. ንታሪኽ እዩ ዝገደፍ፤፡ እቶም ተስፋ-ቆሪጾም ቀለም-ቀመሳት፣ ብጦዙእ ፍቓዶም፣ ምንጪ. ጥንሲ. ሓሳቡዮም ብዘይተጋህዱሎም ኣምራት ኣስማቶምን ኣሰማት ዋኒናምን ክቕይሩ ዝደልዩሉ ምኽንያት ኑዩም ክጉድኡና ይኽእሉ እየም ኣልና ብትሕቲ ውኻ ዝሓጸርናዮም ንምዝክናይዶ ኹን ይኾውን፤ ገና ካብ’ቲ መሕቡኢኦም ዝኾነ ካታኮምብ ኣውጺኡ ንኻልኦት ሓደሽ እምነት ዘሰፍን ሓይሊ. ፍልስፍናዊ እምነትን ፍቕርን ስለዘይወሃቡ ኣፍሪሖምም ደኹን ይኾውን ዝብሉ ስእኣምራውያን ተመራመርቲ ምቕሊቃሎም ኣይተርፍን እናበልኩ ካብ ምምናይ ኣይዓረፍኩን፡፡

ዕድመ ንጉብረእግዚኣብሄር! ካታኮምብ ጥራሕ ካብ ዝብል ናይ ፕላቶ በዓቲ እናበልኩ ዝመራመረሉ ግዜ’ውን ኣይሰኣንኩን፡፡ ኣብ ካታኮምብ ዝኣቱ ንግዚኡ ዝሓብኦ ምስጢር መምርሒ ፍልስፍና ዘለዎ ካብ ኩነ እንታይ እዩ’ቲ ተሓብዑ ዘሎ እንተ ተባህለኸ እናበልኩ ንኽብታት እምቢትኻስ እናጠመትኩ ንበይነይ ከም መዘከበ እግዘር እዩ፡፡ እቶም ካብ’ቲ ኩብዲ ኽቦታት ዝቆላቐሉኒ ኤርትራውያን ኣጆኻ ኣሎና ፍላስፋታት ኩብሉኒ’ውን ምጽባይ ኣይተረፈን፡፡ ኣብ በዓቲ ፕላቶ ዘለዉ. ግን ፍልይ ዝበሉ እየም፡፡ ንኽ ካብ በዓቶም ኣይወጹን፡፡ ኣብ ዘለዉ. ሃልዮም፡ ማለት፡ ኣብ ሃገር ይኹን ኣብ ሰደት፣ ኣብ ጸልማት እዩ ናብራኦም፡፡ ኣብ እምባትኻ ምስ መጹ ግን እሰኪ. ካብ በዓትኹም ወጻእ በሉ ክብሎም እንክለኹ ብሓደሽ ብርሃን ሓደሽ ኣመራርሓ እንተ ተኸሰተ ኢለ እዩ፡፡ ካብኡ ከይወጻእካ ዝቶፃባጥ ሚላ ምሕደራ ዘሎ ስለ ዘይመስለኒ. ንኽ ብልዕል ዝበለ ኣምር ዝምራሕ ምብሎሓት ክቕጽል ከም ዘሎኒ እኣምን፡፡ ኣለና ምሳኻ ዝብሉ ብርሃናት’ውን ካብ መግዛእቲ ይኸውን ካብ መሳርሕትን ተሳተፍትን ኣይሰኣንኩን፡፡

ናይ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረመስቀል መግዛእቲ ስኞራ ብዙሕ ተለጉሙ ዝበረ ስምዒተይ ፈንያትለይ፡፡ እዚ. ሕጂ ዘለኹዎ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ (ማትብኤ) ዘሁብትም ሓሳባት’ውን ኣይብቖቖትልናን፡፡ ኣብ ሓደ ሃገር ብቕዓት ዝኸና ትካላት ምፍራይ ዘይሃልኽ ሁብቲ.ምኻኑ ኩሉ ዝፈልጦን ዝምጽዖን እዩ፡፡ መንግስትን ህዝብን እዚ. ንምትግባር እዚ. ዘየብዝል ጻዕሪ ንምግባር ይዕጠቕ ኣሎ፡፡ ካበይ ይምጻእ ይንፈስ ግን ንምዕዋቱ ብዙሓ. መሳርሒ ምሕደራ ምዕጣቕ ጥራሕ እኹል ምኻኑ ክይጋገም እዩ ዝሰማዕ፡፡ እንተኾኑ እዚ. እኹል ከም ዘይኩነ ዘመልክት ተርእዮታት’ውን ኣይተሳእነን፡፡ ምሕደራ ብዘይ ለውጢ. ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን እኹል ኣይመስለኒ፡፡ እቲ ፍልስፍናዊ ፋኑሰና ኣብ ውሽጢ. ካታኮምብ እዩ ንብል ድሕሪ ኳንና ግን ትጸበትና ፍልይ ክብል እዩ፡፡ መዓልቱ ተጸቢዩ ምውጽኡ ዘይተርፍ ጥና ተስፋ ስለ ዘሎ ንዓና ኩይኑ ንኻልኦት ዝኸውን እምነት ንመንኩርኩር ምሕደራ ሓይሊ. ምእንቲ ክሁብ ንውሻጠ ካታኮምብና ብርሃን ሓዘ ዝወርድ መምህርን መራሕን ከድልየና እዩ፡፡

በዚ ኣጋጣሚ ንሓውና ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ምሉእ ጥዕናን ቀሳነትን እምነየሉ፤፡ እዛ ብውሕሉል ኣድ ተወቒባ ናይ ሃገር ቅርሲ. ንምኻን እትኽእል መጽሓፉ ኣብ ግቡእ ኩብሐ. ተኻበራ ክትሕለው ተሰፉ እናገበርኩ፣ ኣሕተምቲ ሕድሪ ብዘመናዊ ብልሓት፣ ኣካፈልቲ ኣውጉት ድማ ብህቡብ ቅዲ ዘርጋሐ፡ ናብ ኣድ ኣንብብቲ ከም ዝጸሐዋ እምነት ኣሎኒ፡፡ ኣሕተምቲ ሕድሪ ከም ልማዶም መጽሓፉ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ብኽብሪ ከም እትቃላዕ ገይሮም ንሱ ኣብ’ቲ ክብር ጸምብል ተረኺቡ እንተ ዝቃልዓና ክንደይ ጸቡቕ ነይሩ፤ ኣነ ድማ መጽሓፉ ንዝበረትለይ ሰሃጥቡባዊ ተሃድሶ እና ኣመስጊንኩ ሰላም ምበልኩዎ፡፡

በየነ ሃይለ
22 ሰነ 2010
ኣስመራ



# መዘናግዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣሉታዊ ምዝንናይ


ኣጉዳእቱ ምዝናይ ኣብ ጥዑና ደቂ ሰብ ልዑል እዩ፡ የጉዳስ ብምንታይ ትዛ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ምፍላጥን ፈሊጥካ ምትግባርን ኣጉዳእቱ ልዑል እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ሞባይል ከም መዛዩ ብዙሕ ሰብ እዩ ዝጥቀመሉ። ብፍላይ ከኣ ጽልዋ ሞባይላት ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ልዑል እዩ። ኣብ ዕድመ ኩትትና ዝርከቡ ብቐረባ ሞባይላት ክረኽቡ ዝኽእሉ ብምዃኖም፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት፡ መጫልታዊ ኣብ ኢንተርኔት ወይ ማሕበራውያን መራኸቢ ብዙሓን ተጸሚዶም ግዜኦም ከሕልፍዎ እየም ዝርኣዩ። እዚ ጽልዋታት እዚ፡ ከምጽኦ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤናት ንኹሉ ሰብ ብሩህ እዩ። ሓደ ካብቶም ብኣሉታ ዝግለጹ፡ ሕብረተሰባዊ ተጽሎ እዩ። መጠኑ ዝሓለፈ ግዜ ምስ ሞባይል ምሕላፍ፡ ልክዕ ከም ሓሸሽን ካልኦት ኣወለፍቲ ነገራትን ከም ዝሰርሑ ክኢላታት ይገልጹ። ኮተቴ ቀጻሊ ምጥዋቅ ሞባይል ዘፈጥረሎም ግዝያዊ ሓጎስ፡ ናብ ወልፊ ደረጃ ንኸምዕብል ብዙሕ ግዜ ኣይወስደሉን እዩ።

ቅዛትትን ጸቕጥን፡ ገለ ካብቶም ንደቂ ሰብ ኣሸገርቲ ኮይኖም ዘለው፡ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርኣዩ ናይ ስነ ኣእምሮ ብደሆታት እየም። ነዚ ኩሉ ጸገማት መፍትሒ ክትተኮም ብፍዓምት ትሰርዕ ሞባይል እያ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ፡ እቶም ዝያዳ ግዜኦም ምስ ሞባይል ዘሕልፉ፡ ንኣሽቱ መንእሰያት፡ ንጭንቀት ኣእምሮ ዝተቓልዑ እየም። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ሞባይሎም ኩሉ ዓይነት መፍትሒ ዘሎ ኮይኑ እዩ ዝስመዖም። ዝተፈላለዩ ናይ መጻወቲ ሶፍትዌራት፡ ንኽትዝርዝሮም ኣዝዩም ብዙሓት ትሕዝቶታት እየም ኣብ ሞባይል ዝርከቡ። ህላውነት ብዙሓት ሶፍትዌራት ብእወታ'ኳ ዝግለጽ እንተኾነ፡ ምስ ከዉሕታዊት ዓለም ብምዝማድ እቲ እትረኽቦ ጥቕምታት ብኸመይ ትጥቀመሉ እዩ ኣጉዳሲ። ካብ መዛኑኻን ማሕበራዊ ህይወትን ተጸልኻ፡ ኣብ ገዛ ተዓጺኻ ምስ ሞባይል ክትዛናጋዕ ምውዓል፡ ማሕበራውያን ጸገማትካ ብትብዩት ገጠምካ ንኸይትፈትሖም ዓንቃጺ'ዩ ዝኾውን። ካብ ሞባይላት ወይ ስማርት ፎን ዝምንጩ፡ ብርሃን ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ድቃስ ናይ ምስኣን ጸገማት ከስዕብ ከም ዝኽእል፡ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሒ ዘለዎም ምርምራት ኣብዚ መዳይ እዚ ይኻየዱ ኣለው። ንዝመጸ ነገራት ብዘለዎ ናይ ምፍታን ድሌት ዘለዎ መንእሰይ እዩ። ብዘይካ'ዚ ኣእምሮና ከዛዚ፡ ርግእ ክንብል ብምባል ናብ ፈቐዶ ማዛናጊ ቦታታት ንኸይድ፡ ንሕንብስ መዚቃ ወለዕና'ውን ንስስዑ። እዚ ንጥፈታት እዚ ሓጎስ ዘይፈጥረልና ኣይኮኑን። የጉዳስ እዚ ማሰረታዊ ነገር ኣይኮኑን። ንቕድም ቀዳድም ውሽጥና ሰላም ክየሰሎ ኣለዎ። ብድሕሪ'ዚ እዩ እቲ ግዳማዊ ንጥፈታት ብምስልሳል ዝመጽእ ሓጎስ ኣድማዒ ዝኾውን። እምበር ሸግር ስለ ዘጋጠመካ ኣልኮላዊ ማስተ ብምስታይ ክትፈትሖ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ማስተ ዘፈጥረልካ ሓጎስን ደስታን ካብ ሸው ዝሓልፍ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ መተካእታ ክኾውን ኣይክእልን እዩ። በዚ ኣሉታዊ ምዝናይ ንዝተጎድአ ወይ ኣብ ዘይተደለየ ወልፊ ንዝኣተወ ሰብ ምኽሕ ድማ፡ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብኣሉታዊ ምዝናይ ዝምዕበሉ ወልፈታት ንዕበየት መጻኢ ወለዶ ብኣሉታ ዝጸልዉ ስለዝኾኑ።



## ባህርያት ለጋሳትን በቓቓትን

ልግሲን ብቕን ኣብ ደቂ ሰብ ዝርኣዩ ክልተ ዝተፈላለዩ ባህርያት እየም። ለጋሳት፡ ሰብ ክጸግም የብሉን ዝብል ኣተሓሳስባ ስለዘኽተሉ፡ ካብቲ ዘለኣስ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ዘድልዮ ዕማም ብዘይ ጸገም ክመርሑ ክሕግዙ እየም ዝደልዩ። ለጋሳት ክምለሰሎም ወይ ክረኣየሎም ኢሎም ዝሽሩ ኣይገብሩን እየም። ብቒ ከኣ ነቲ ዘለካ ትሕዝቶ ኣብ ኑብሰኻን ፈተውትኻን ዘይምውዓል'ዩ። ስለዚ፡ ዋላ'ውን ዝጠዘሉ በቓቓት ንሕና ቁጡባት ኢና ኢሎም ዝዛረቡ እንተኾኑ፡ ምስ ለጋሳት ዓቢ ናይ ባህርያት ፍልልይ ኣለዎም። ቁጡቢ ነቲ ዘለዎ ትሕዝቶ ብጥበብን ጽኑዕን መገዲ ዝጥቀመሉ ክኾውን እንከሎ፡ በቓቕ ግን ኣብቲ ዘድሊ እዋን ንትሕዝቶኡ ዝሓብኦን ኣብ ብዙሕ እዋናት'ውን ንፈተውቱን ንኑብሱን ዘጉድእ ሰብ'ዩ።



ብሓፈሻ በቓቕ እንብሎ ሰብ፡ ብሰንኪ ዘይምልጋስ ወይ ዝለዎ ትሕዝቶ ካብ ዘይምጥቃም ንገዛእ ኑብሱ ሃሰዩ፡ ነቲ ብገለ ኢጋጣሚ ካብኡ ዝደሊ ሰብ እውን ዘኮሂ እዩ። መብዝሕትና ብፍላይ ናይ ምልጋስ ባህሪ ዘለና፡ በቓቓት ንኣሽቱ ነገራት ክህቡና ሓቲትናዮም ምስ ዘኽልኡና ኣዝዩ ዝገርመና። በዚ ዝተላዕለ እውን ምስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ዘለና ርክብ ንግዜኡ ሓርፋፍ ይኾውን። እዞም በቓቓት፡ ብሰንኪ ሕማቕ ባህርያቶም ምስ ሰባት ክዘናግዑ ዋላ'ውን ንዕኦም ዘገድስ መጻሕፍቲ ንምግዛእ ገንዘብ እንተሰዓም ስለ ዘይጥቀሙሉ፡ ንገዛእ ኑብሶም እውን እናሃሰዩዋ እየም ዝነብሩ። ገለ ሰባት ብዘለዎም ሃብቲ ክጸዩ ይርኣዩ እየም። ኣብ ምሕጋዝ ሓገዝ ዘድልዮ ሰብ ምስ ተላቲ ግን፡ ዘለዎም ከም ዘይብሎም ክዛረቡ ይጀምሩ። ለጋሳት ሰባት ግን፡ ካብዞን ዝረኽብወን እቶት ንዝተሸገሩ ሰብ ክሕግዙ ኢኻ ትርእየም። እቲ ዝገርም ድማ፡ ለጋሳት እቲ ዘወጽእዎ ገንዘብ ብኻልእ መንገዲ ዕድል ኮይኑ'ዩ ዝምለሶም። ምኽንያቱ እቲ ናይ ብሓቂ ሃብቲ፡ ዓቕርካ ዘይኮነ ሂብካ እተጥርዮ ዝለዝኾነ። ብበቒ ምስ ትጥቃዕ ግን፡ ናይ ምርህራህ ባህሪ ብኣሉታ እዩ ዝጽሎ።

እምነት ሓደ ካብቲ ቀንዲ መለለዩ ለጋሳት ሰባት እዩ። ብዘዝውርዎ ነገር ሚእቲ ካብ ሚእቲ እየም ዝተኣማመኑ። ኣብ ነንሓድሕዶም ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ንዓለም ክትኑብሩ ደስ ተብል ቦታ ከምዝቕይራ እየም ዝኣምኑ። እቶም ከምኡ ክገብሩ ዝኽእሉዎም በቓቓት ግና፡ ዋላ ከሰናኽልዎም እንተፈተኑ፡ እምነቶም ግን ኣይቕየርን'ዩ። በቓቓት ዝኾኑ ሰባት እምነቶም ኣብ ገንዘቦም'ዩ።

ለጋሳት ሰባት፡ ኣብ ዝኣምኑሉ ምሉእ ጉልበቶም ወፍዮም እየም ዝሰርሑ። ኣብ ዕላማኦም ጸኒዖም ክሰርሑ ከለዉ ድማ ኣዝዮም ይብርትዑን ይነቓቕሑን። በቓቓት ሰባት ግን ገንዘቦም ክሕልዉ እየም ዝደኽሙ። ለጋሳት ሰባት ኣብ ዝኣምኑሉ ዕላማ ደው ክብሉ ስለዘይጸገሙ ብቑዓት መራሕቲ እየም። በቓቓት ሰባት ግን ኣይኮነን ሰባት ክመርሑ፡ ኑብሶም'ውን ለይትን መዓልትን ሰለም ከይበሉ ንገንዘበዮም ዝሕልውዎ።

## ጥቕስታት ብዛዕባ ጊጋ

- "ጊጋ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ስለዘኾነ ሓደ ሰብ ዋጋ ክኸፍለሉ ኣለዎ።" - ሄንሪ ኤች ባክሊ
- "እቲ እንኮ ናይ ሓቂ ምኽሪ ካብ ቅሉዕ ጊጋ'ዩ ዝርከብ፡ ብጊጋ ተመኩሮ ዘይሓለፈ ጥበብ ከኣ ኣካል ናይ ዓወት ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።" - ኢዲዝ ዋርተር
- እቲ እንኮ ሕጉስ ህይወት ክንመርሕ ዘኽእለና ሜላ፡ ንዕቦት ጊጋኦም ብምእራምን ጸቡቕ ጎድኖም ብምድናቕን'ዩ።" - ዳቪድ ጎድማን
- "እቲ ዕዉት ሰብ ካብ ጊጋታቱ ይመሃር እሞ ብኻልእ መንገዲ ከም ብሓድሽ ይጸዕር።" - ዴል ካርነጊ
- "ሓሪፎ ዘሎ ሰብ ሕርቃኑ ጊጋ ምኻኑ ፍጹም ኣይኣምኑሉን።" - ሰንቲ ፍራንሲስ
- "ጊጋ ፈጺሙ ዘይፈልጥ ሰብ ሓድሽ ነገር ፈቲኑ ኣይፈልጥን እዩ።" - ኣልበርት ኣንስታይን
- "ሰብ ጊጋታቱ ንምቕባል ዘኽእሎ እኹል ዕበየት፡ ካብ ጊጋታቱ ንኽመሃር ዘኽእሎ እኹል ልቦና፡ ጊጋታቱ ንኸእርም ዘኽእሎ ሓይሊ የድልዮ።" - ማያ ኣንጀሎ
- "ኣብ ህይወት እቲ ዝዓበየ ጊጋ፡ ጊጋ ንኸይትፍጽም ብቐጻሊ ምሐር ምፍራሕ እዩ።" - ኣልበርት ሀባርድ
- "ጉዕዞ ከም ሓጻር እዩ። እቲ ጊጋ ግን ነቲ መንገዲ፡ ክቶጻጸሮ'የ ኢልካ ምሕሳብ እዩ።" - ጆን ሽታይንቤክ
- "ካብ ሕሉፍ ጊጋታት ጠቓሚ ትምህርቲ ንምውሳድ፡ ከምኡ'ውን ብኽቡር ዝተዓደገ ተመኩሮ ረብሓ ንምርካብ እንተ ዘይኮይኑ፡ ንድሕሪት ክንጥምት የብልናን።" - ጆርጅ ዋሽንግተን

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት


<u>መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)</u>

### ንጋድም

1. ሰፍኢ፡ ሙብልዒ ቁርሲ፡ ንምስራሕ ዝጠቅም መሳርሒ
3. ሃርገፍገፍ ምግቢ
5. መሽዓቲ ካብ ዘሾኑ መሳርሒ
8. ከም ንጋድም ቁጽሪ 6
9. ኣሰልጣኒ፡ መዛሪ
10. ትምህርቲ ኣቕሰሙ፡ ኣሰልጠነ
11. ቃጻሉ፡ ሓዊ ሀር ምግቢ
12. ድንዝዙ፡ ቋሕማም
14. ኣሱላኑ፡ ዒብ
16. ዛረዩ፡ ፈልፈለ
17. ለውጢ፡ ቅያር፡ ሙብረ
19. ተዓዘረ፡ ተመርቀፈ
21. ኣስተምህሮ ምሁብ
22. ህያው፡ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ
24. መጻወዲና፡ መርቀኒሒና
26. ኣሓ
28. ኑዛዜ
29. ከረሸ፡ ኩበደመ
30. ዓሻ፡ ዕቡድ፡ ሃላይ
31. ልሙዕ፡ ትትያ፡ ትወን
33. ካብ ኣትክልቲ ንጡብ መኽልኢ ዝኸውን ተኽሊ
36. መዘበጥቲ፡ መግረፍቲ
40. ንዚንን ምስ ጣውላ መላገቢ
42. ምላሽ፡ መልሲ
43. ኣብ ሓዊ ተጻሉ
45. ኣብ ገዛ ዝንስከስ ሳዕሪ
45. ባህላዊ ግጥሚ
46. መገዲ ማይ፡ መራኸቢ ንመኸዲ ዝተኻዕተ መገዲ ማይ
47. ብጥንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም

### ንትኹል

1. መዕጸዊ ገዛ
2. ካብ ክንዳውንቲ
3. በትሪ
4. መርዚ
5. ቁጽሪ
6. ዘርኢ
7. ኣብ ገቦ ንጋድም እንሰርሖ መዝሓሊ ማይ
9. ንበዕ ክንሰጉግ እንብሎ
10. መፈጸምታ፡ መወዳእታ
11. ብርሃን
12. ንፈትሊ ፈቲሉ ንፍሕሶ ___
13. ፈትሹ፡ ርኸብ
15. ልምሉም
17. ኣብ ማይ እንንጉዓዞሉ ተሽከርካሪት
18. ዝውሓደ መዓቀኒ ገንዘብ
20. ሪግኡ፡ ረገጸ፡ ዛሕተለ
22. ዓቢ ገዛ፡ ግንቢ
23. ክኢሉ፡ ጥበበኛ
25. ምርድንዳእ
27. ድልዱል ሰብ፡ ጉልበት
32. መቑረጺ ገረብ
33. ካብ ስራሕ ነጻ ምዃን
34. ግጥሚ፡ ናዕታ
35. መወጠጢ
37. ካብ 'ኑቲሕ' 2/3
38. ጠቓሚ፡ ረብሓ፡ ትርፊ
40. ብልጭ፡ ማሕ
41. ኣብ ውትህድርና ካብ ዝዘውተር ቃል
44. መንበሪ ገዛ
44. ምዕቡል ፍጡር



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሓይሊ እወታዊ ኣተሓሳስባ

ሉል ተስፋይ

እወታዊ ኣተሓሳስባ ካብ ኣሉታዊን ዘይሃናጽን ኣተሓሳስባታት ናጻ ብምዃን ሃናጽን ትስፉውን ኣተሓሳስባ ምህናጽ ማለት እዩ። ኣብ እወታዊ ኣተሓሳስባን ኣሉታዊ ኣመለኻኽታን ዝኽውን ቦታ የለን። እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝምዕብለሉ እዋን፡ ነገራት ብሃናጽን እወታውን መገዲ ምርኣይ ክዓቢ ይጅምር። ንነገራት ካብ ብኣሉታዊ ብእወታዊ መገዲ ምርኣይ ኣብ ዝጅመረሉ፡ ንጥርጣረ፡ ክፍኣት፡ ሕርቃን፡ ቂም፡ ስሚዒታውነት፡ ቅንኢ፡ ወዘተ ዝኣመሰለ ስምዒታት ዝኽውን ቦታ ካብ ኣእምሮ እናጠፍአ ይኸይድ።

ኣብ ህይወት ንዘሎ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕን ምግጣምን እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎ ተራ ልዑል እዩ። ብድሆታት ንምፍታሕ ዘኽእል ኣመንጫውነት መፍትሒ ሓሳባት፡ ካብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎ ኣእምሮ ክምንጩ ቀሊል እዩ። እዚ ዝኾነሉ፡ ዋላ ኣብ ፈታኒ ኩነታት ርግኣት ኣኣምሮ ብምሕላው ሕጉስ ናይ ምዃን ዓቕሚ ክህሉ ስለ ዘኽእል እዩ። ሓጉስን ህድኣትን ዘመንጩ እወታዊ ኣተሓሳስባ ምውናን፡ ንኣእምሮ ካብ ዝተፈላለየ ኣሉታዊ ስምዒታት ብምክልኻል፡ ኣእምሮ ኣብ ወጣሪ ኩነታት ለዋጢ ሓሳብ ከፈልፍል የኽእል።

ኣሉታዊ ሓሳባት ዘስዕቦ ኣሉታዊ ስምዒት እዩ። ኣሉታዊ ስምዒት ድማ ኣሉታዊ ባህሪ ብምምዕባል ውድቀትን ተስፋ ምቍራጽን ዘሎዎ ህይወት ክህሉ ይገብር። ኣእምሮ ኣብ ምምእዛን ህይወት ሰብ ዘሎዎ ተራ ኣዝዩ ልዑል ብምዃኑ ኣብኡ ዝቕረጽ ኣተሓሳስባን ስምዒታትን፡ ሰባት ኣብ ዝመርሕዎ ህይወት ክንጸባረቕ ንቡር እዩ። ኣእምሮ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝመልኣሉ እዋን ዝጥምቶ ነገራት፥ ዓወት፡ ገስጋስ፡ ዕቤት፡ ተስፋ ዝኣመሰለ እዩ። እዚ ኣገዳሲ ዕጥቅታት ዝዓጠቐ ሰብ፡ ዝጥምቶ መጻኢ ብሩህን ዕዉትን ብምዃኑ፡ ሕልፊ ካልኦት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክብጸሕ ዝእግሞ ኣይኮነን።

ኣብ ምምዕባል እወታዊ ኣተሓሳስባ ዝለዓለ መወከሲ ክኾኑ ዝኽእሉ ቊልዑ ምዃኖም ክኢላታት ስነ ልቦና ይዛረቡ። ቊልዑ ንህይወት ቅልል ብዝበለን ሕጉስን መገዲ ስለ ዝርእዩ፡ ከምኡ ዓይነት ትስፉው ኣጠማምታ ንምህናጽ ንቖልዑ ከም መወከሲ ክንጥቀመሎም ከም እንኽእል ይዛረቡ። ብዘይካ'ዚ ንጹህ ኣእምሮ ስለ ዘውንኑ፡ ቅኑዕን ኣገዳስን ትምህርቲ ንምምሃርን ንምዕባይን ድሉዋት እዮም። እወታዊ ኣተሓሳስባ ንምምዕባል ብኽፉት መንፈስ ምምሃርን መዓልታዊ ኣተሓሳስባኻ ምቕናይን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መሰርሕ ምምዕባል እወታዊ ኣተሓሳስባ ክንዓቢ ዘኽእል መሰረታዊ ነገራት፥ ከም ሓዳስቲ ነገራት ምፍታን፡ ካብ ብድሆታት ዘይምህዳም፡ ጌጋታት ምፍጻም ዘይምፍራሕ፡ ተስፋ ዘይምቍራጽ፡ ዋጋ ምኽፋልን ዕለታዊ ናይ ምምሃር ሸውሃት ምህላውን እዩ።



እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ ዘሎዎ ጽልዋ ዓቢ እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ህይወት ሰብ ብሰለስተ መዳይ ለውጢ የምጽእ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ ኣተሓሳስባን ባህርን ዝመጽእ ለውጢ እዩ። ካልኣይ፡ ኣብ ዙርያኻ ንዘለዉ ሰባት እተምጽኦ ለውጢ እዩ። እቲ ብሳልሳይ ደረጃ ዝመጽእ ድማ ኣብ ኣከባቢኻ ከተምጽኦ ዝከኣል ለውጢ እዩ። ገለ ሰባት እወታዊ ኣተሓሓስባ ምስ 'ካርማ' ዝብሃል ኣምር ምትሕሓዝ ከም ዘሎዎ ይዛረቡ። ካርማ ኣብ ቡድሂዝምን ሂንዱዚምን ዝኣመሰሉ እምነታት ዝተመርኰሰ ኮይኑ፡ 'እቲ ትገብሮ እዩ ኣብ ህይወት ዝስዕበካ' ዝብል ኣምር እዩ። ብመሰረት እዚ፡ ጽቡቕ እንተ ገይርካ ጽቡቕ ይስዕበካ፡ ሕማቕ እንተ ገይርካ ድማ ሕማቕ ይስዕበካ ዝብል እዩ። ካልኦት ድማ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣእምሮኣዊ ነገር ኮይኑ፡ እወታዊ ነገራት ንምምጻእ ዝድርኽ ረቂቕ ሓይሊ እዩ ይብሉ።

ሓይሊ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንምስትብሃል፡ ምስ ኣተገብርካዮ ዘምጽኦ ዓበይቲ ለውጥታት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዙርያኻ ንዘሎ ነገራት ናይ ምልዋጥ ዓቕሙ'ውን ኣዝዩ ልዑል እዩ። ተስፋ ምቍራጽን፡ ስምዒት ውድቀትን ካብ ዙርያኻ ተኣልዩ፡ ነገራት ከም ሓቒቕ ብሩህ ኮይኑ ንኽርአ ተራ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ምልከት ማሕበራዊ ምብህሃል ኣገዳሲ ክፋል ሜላ መንብሮ እዩ። ምስ ሰባት ጥዑይ ዝምድና ንምምስራት እወታዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ወሳኒ እዩ። ሰባት ብሉጻትን ኣገደስትን ፍጡራት ምዃኖም ብምእማን፡ ከም ኣዕሩኽትኻ ክትርእዮም እንተ ኴንካ፡ ኣብ ምትእምማን፡ ሓልዮት፡ ቅንዕና፡ ለውሃት ዝተመስረተ ኣመለኻኽታ ምህላው መሰረታዊ እዩ። እዚ ማሕበራዊ ዝምድናታትካ ብምዕባይ ሕጉስን ብሉጽን ህይወት ንኽትውንን የኽእል። ብሉጽ ማሕበራዊ ዝምድናታት ምህላው፡ ርጉእ ኩነተ ኣእምሮ ስለ ዘዕቢ፡ ብሉጽ ውሳነታት ኣብ ምውሳድ ዓቢ ተራ ኣሎዎ።

ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ሰባት፡ ብእወታዊ ኣተሓሳስባኻን እወታዊ ጸዓትካን ኣዝዮም ስለ ዝጽለዉ፡ ኣብኦም ንዘሎ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣብ ምቕራፍ እውን ዓቢ ተራ ኣሎዎ። ሰባት ውጽኢት ኣተሓሳስባኦም ብምዃኖም ዝነብሩዎን ዝገብሩዎን ንሓሳባቶም ዝመስል እዩ። ሓሳባቶም ኣሉታዊ ምስ ዝኸውን ንብዙሕ ውድቀታትን ጸገማትን ይቃልዑ። ብቐዳምነት ተፈቲሖ ኣብ ህይወቶም ክስተኻኸል ዝግባእ ኣተሓሳስብኦም እዩ። ነዚ ኣብ ምልዋጥ እወታዊ ኣተሓሳስባኻ ኣብኦም ምስራጽ መሰረታዊ ነገር እዩ።

ነገራት ንረብሓኻ ክሰርሕን ክትልወጥን፡ ኣብ ህይወትካ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝሓዝካዮ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ስምዒታትን ንምምሓው፡ ካባኻ ዝሕተት ነገር ክትገብር ይግባእ። ዶክተር ማይለስ ሞንሮ ዝተባህለ ክኢላ ስነ መለኮትን ዓውዲ መሪሕነትን 'ዓቕምኻ ምርዳእ' ኣብ ዝብል መጽሓፉ፡ "ዝዓበየ ትራጀዲ ህይወት ሞት ዘይኮነ ምኽንያት ህላወኻ ኣብዚ ዓለም ዘይምፍላጥ እዩ፡" ክብል ጽሒፉ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምዕባይ ናይ ህይወት ዕላማኻ ኣብ ምርዳእ ዘሎዎ ተራ ብምግንዛብ ድማ እወታዊ ኣተሓሳስባኻ ንምዕባይ ቀጻሊ ጻዕሪ ከም ዘድሊ ይዛረብ። ብዘይካ'ዚ ዶር ማይለስ፡ ኣብ ዓለም ዝሃብተመ ቦታ መቓብር ምዃኑ ብምግላጽ፡ ናይዚ ምኽንያት ድማ ሰባት ብሰንኪ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ትሑት ርእሰ ክብርን ዓቕሞም ከይተጠቕምሉ ስለ ዝሓልፉ፡ ዘበዝሐ ካብ ህዝቢ ዓለም ሕልሙ ከይሰመረ ከም ዝተቐብረ ይገልጽ።

ቋንቋ ኣካላት ዘይንዓቕ መግለጺ ስምዒታትን ኩነተ ኣኣምሮን ሰባት እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዝመልአ ሰብ፡ ካብ ኣፉ እወታዊ ቃላት ከውጽእ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ቋንቋ ኣካላቱ ግን እወታዊ ክኸውን ኣይክእልን። ኣቀማምጣኻ፡ ምንቅስቓስ ኣዒንትኻ፡ ምልክታት ገጽካ ኩሉ መርኣያ ዘሎካ ኣተሓሳስባን መግለጺ ኩነተ ኣምሮኻን እዩ። ውሽጥኻ ብእወታዊ ሓሳብ ዝተመልአ ምስ ዝኸውን፡ ቋንቋ ኣካላትካ ከይተረፈ እወታዊ መልእኽቲ የመሓላልፍ። ካብ ዘረባ ንላዕሊ ቋንቋ ኣካላት ዘይሕሱ ምዃኑ ክኢላታት ይዛረቡ። ግዳማውን ውሽጣውን ኩነታትካ ኣብ ምስትኽኻል እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣገዳሲ እዩ። ቃላትን ተግባርን ምስናይ ምስ ዝህሉዎ፡ ተኣማንነትካ ኣብ ሰባት ስለ ዘዛይድ ህይወትካ ብሰባት ቅቡልን ኣገዳስን ኣብ ምግባር ወሳኒ ተራ ኣሎዎ።

ፍሽኽታ ሓደ መርኣያ ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ናይ ዝተነድቀ ህይወት ዘንጸባርቕ ቋንቋ ኣካላት እዩ። ፍሽኽታ፡ ብኽኢላታት ስነ ልቦና፡ "ገንዘብ ዘይክፈሎ መድሃኒት፡" ተባሂሉ ይጥቀስ። ግሁይን ሕዙንን ስምዒታት ንዝጕብኦ ሰብ ፍሽኽ ምባል ከቢድ ነገር እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ስምዒታትን ካብ ዝፈጥሮ ዝዓበየ ጸገም፡ ግሁይን ዝቓዘነን ህይወት ስለ ዝፍጥር እዩ። ሓይሊ ፍሽኽታ ምስ ህላወ እወታዊ ኣተሓሳስባ ተዛማድነት ከም ዘሎዎ ዝተፈላለየ መጽናዕታት የረጋግጹ።

ገለ ሰባት እወታዊ ኣተሓሳስባ ንኽየማዕብሉ ዝዓበየ ዕንቅፋት ዝኾኖም ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ምዃኑ ይዛረቡ። እዚ ግን ቅቡል ምኽኒት ኣይኮነን፣ ዝዓበየ ዕንቅፋት ዘይምምዕባል እወታዊ ሓሳብ ምኽኒት ምብዛሕ እዩ። ንኽይትልወጥ ምኽኒት ምስ እተብዝሕ፡ ንኣሉታዊ ኣተሓሰሳባ ዕድል ምሃብ ማለት እዩ። ምኽኒት ምብዛሕ ናይ ህይወትካ ናይ ለውጢ ሃዋርያ ካብ ምዃን ብምዕጋት፡ ከይትዓቢ ጠንቂ ዝኸውን እዩ። ኣብ ህይወትካ ክትልወጥ ብዘይ ምኽኣልካ ንዘጋጥመካ ጸገማት ናብ ካልኦት ኣብ ተጸግዓሉ እዋን፡ ናይ ዕብየትን ለውጥን መገድኻ ባዕልኻ ብምዕጋት፡ ጠንቂ ውድቀትካ ክትከውን ይዕድም። እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ካብዚ ናጻ ብምግባር ዘጋጥመካ ጸገማት ብትብዓት ብምግጣም ክትብድሆ ዝኽእል ውሽጣዊ ጸዓት የስንቕ።

ካልእ ዝዓበየ ጸገም ምብዛሕ ምኽኒት፡ ኣብ ጌጋ መስመር ሃሊኻ ነብስኻ እናሃሰኻ እውን ጽቡቕ ዘለኻ ኮይኑ ስለ ዝስመዓካ እዩ። ምኽኒት ምድርዳር፡ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምዕባይ ተራ ስለ ዘሎዎ፡ ኣተሓሳስባኻ ክትቕይር ካብ ሰባት ንዝወሃበካ ምዕዶን ምኽርን ብኣሉታ ስለ እትጥምቶ፡ ነብስኻ ብምትላል ክትልወጥ ኣይትኽእልን። ነብሰ ርኽበት (self-discovery) ካብ ህላወ ሃናጺ ግንዛበ ስለ ዝብገስ፡ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምውናን ቀዳማይ ስጕምቲ ንምልዋጥ እዩ። ነብሰ ርኽበት፡ ኣብ ቅኑዕ ሓዲድ ናይ ህይወት ብምርጋጽ፡ ዕላማታትካ ንምህራም ዘኽእል መሰረታዊ ነገር ብምዃኑ፡ ጌጋታትካ ብምቕባል ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ፡ ግጉይን ድኹምን ጐድንታትካ ብድፍረት ክትቅበል ይግባእ። ነዚ ኣብ ምግባር ካብ ምኽኒት ዝመልአ ህይወት ብምውጻእ ነብስኻ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክትመልእ ይግባእ።

"ሰባት ስለምንታይ ካብ እወታዊ ኣሉታዊ ሓሳብ ክሓስቡ ይቐሎም?" ዝብል ሕቶ ንምምላስ፡ ብዙሕ መጽናዕታት ተኻይዱ እዩ። ቲባዉት ማውሪስ ዝተባህለ ክኢላ ስነ ኣኣምሮ፡ "ስምዒታትካ ምግዛእ" ኣብ ዝብል መጽሓፉ፡ ነዚ ክምልስ ከሎ፡ ህይወት ወዲ ሰብ ብፍልቀታዊ መገዲ ኣብ ዝሓለፈሉ እዋን፡ እቲ ዝበቐዐ ኣብ ተፈጥሮ ክሰርር፡ እቲ ዝደኸመ ድማ ክተርፍ ብምጅማሩ፡ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ዝበዝሐ ግዜኡ ብኸመይ ክነብር ከም ዝኽእልን ካብ ጸላእቱ ከም ዝከላኸልን ክሓስብ ብምጅማሩ ዘጋጠመ ምዃኑ ይትንትን። በዚ መሰረት ከም ምጥርጣርን ፍርሕን ዝኣምሰሉ ስምዒታት፡ ኣብ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ቦታ ክረኽቡ ከም ዝጀመሩ ይገልጽ። ኣሉታዊ ኣተሓሳባታት ካብ ዘፍርሕን ልቢ ዝሰብርን ተመኩሮታት እውን ይምንጩ እዩ። ንኻልኦት ዘጋጠሞም፡ ዝሰማዕካዮን ዝርኣኻዮን ክስተታት እውን ኣብ ምዕባይ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ተራ ኣሎዎ። እዚ ኩሉ ዝተገለጸ ምኽንያታት ዋላ'ኳ እንተ'ሎ፡ ንዘይምምዕባል እወታዊ ኣተሓሳስባ ግን ከም ምኽኒት ክውሰድ የብሉን።

እወታዊ ሓሳቢ ምዃን፡ ናይ ሰዓራይነት ስምዒት ዘመንጩ ብምዃኑ፡ ኣብ ልዕሊ ኣሉታዊ ስምዒታት ጸብለል ክትብል ዝገብር እዩ። ንኣሉታዊ ስምዒታት ብምስዓር፡ እወታዊ ጸዓት ብብምንጫው ዕዉት ክትከውን ዘኽእል እዩ። ብዘይካ'ዚ እውን እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዘሎዎም ሰባት ግዜ ምውሳድ'ውን ኣገዳሲ ክፋል ናይቲ መስርሕ እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ድባርዋ - ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝቶየድ ዘሎ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ፡ ሰንበት 16 ሕዳር ንራብዓይ ሰሙን ቀጺሉ፡፡

ኣብ ራብዓይ ዲቪዥን፡ ፋኒኤል እስቲፋኖስ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ናኦድ ዑቕባይ፡ ናኦድ የውሃንስ፡ ኣቤል የውሃንስ፡ የናታን ሳሚኤልን እሰይ ሰዒረን ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም፡፡

ሳልሳይ ዲቪዥን 17 ዙርያ እየም ሸፊኖም፡፡ ሄኖክ ፍትሓዊ፡ ብርሃ ይብራሂ፡ መዋእል ጎይትኦም፡ ሰረቅ የዕበዮ፡ ኤፍሬም ሰዩምን ዓወት ገርጅን ተመራሪሖም ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም፡፡

32 ዙርያ ኣብ ዝሸፈኑ ካልኣይ ዲቪዥን ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ፍርቂ (16 ዙርያ) ኣብ ዝነበረት ቅጽበታዊ ውድድር፡ ተማሳቢን ተኸሉ ካብ ሓደጎት፡ ብእምነት ርእሶም ካብ ጋንታ ሰላም፡ የናታን ኣስመሮም ካብ ራህዋ ተዓዊቶም፡፡

ኣብ መወዳእታ'ውን፡ ተማሳቢን ተኸሉ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ሳይሞን የናስ - ሰላም፡ የናታን ኣስመሮም - ራህዋ፡ ብእምነት ርእሶም - ሰላም፡ ሰዐድ ሳምሶን - ራህዋ፡ ዩኤል ኣለም - ሓደጎት ሰዒቦም ኣትዮም፡፡

ኣብዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣተሓሳሰቢ ዝኸውን ዘሎ ጉዳይ ዋሕዲ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ፡ ክልተ ተቐዳደምቲ ጥራይ 20 ዙርያ ሸፊነን፡፡ ልዋም ኪዳማርያም ካብ ሓደጎት ድማ ንሶምራዊት ደበሳይ ካብ ሰላም ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ፡፡

ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምጽናዕ ድርኩቡ፡ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ናይዚ ንኡስ ዞባ ድማ ናይ ኅሰጋሰ ንጥፈታቱ ደኺሙ ስለዘሎ፡ ኣዚ ንምብርባር ምስ መሻርኽቱ፡ ማሕበራትን ምምሕዳር ከባቢታትን ብምትሕብባር ከዕብዮ ሓያል ስራሕ ይጽበዮ፡፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናብ ከተማ ደባርዋ ናብ ትምህርቲ ቀጻሊ ብብሽክለታ ዝመላለሳ ብጠዚሒ ደቂ ኣንስትዮ ብምህላወን ድማ፡ ኣብዚ ቀላሒታ ብምምኻር፡ ኑቲ ጸጋ ናብ ረብሓ ብምቕያር ባይታ ክንጸፈለን ይከኣል እዩ፡፡

ኣብቲ ዝለኣድ ጸወታ ዝረኣዮ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን ውድድር፡ 40 ዙርያ ክሽፍን እንከሎ፡ ኣብ ፍርቂ (20 ዙርያ) ኣብ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር ሚላዊ ሳምሶን ካብ ጋንታ ራህዋ፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ - ሰላም፡ ዛራኤል ኣማኑኤል - ሓደጎት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም፡፡

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ጋንታ ሓደጎት ዳኒኤል ክፍሎም፡ ንወዲ ጋንታኡ ኣሚናዳኣብ ኣለም፡ ያፊት የማነ - ራህዋ፡ ኤሽን ክፍለን ሰም ዳዊትን ሓደጎት፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ - ሰላም ኣኸቲሉ ቀዳማይ ምኻታው፡ ወከል ኣገልግሎት ዜና ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ ሓቢሩ፡፡



## ፖርቱጋልን ኖርወይን፡ ናብ ዋንጫ ዓለም ሓሊፈን፣ ኢጣልያ ሕጂ'ውን ኣብ ሓደጋ ኣትያ

### ሮናልዶ፡ ንቀዳሞት ክልተ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ክኸስረን እዩ

ሰንበት ምሸት፡ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ናይ መወዳእታ ናይ ምድላብ መጻረዪ ጸወታ ንዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ዘየዳሉ፡ ፖርቱጋልን ኖርወይን ናብቲ ውድድር ዘእትወን ትኬት ቀሪጸን፡ ኢጣልያ ግን፡ ኣብ ሓደጋ ኣትያ፡፡

ፖርቱጋል፡ ሓሙስ ምሸት ካብ ግምት ወጻኢ ብሪፓብሊክ ኣየርላንድ 2ብ0 ብምስዓራ፡ ብኢጋኡ ካብ ምሕላፍ ተዓንቂጻ እያ፡፡ ኣብቲ ጸወታ ንሓለቓኣ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ብቀይሕ ካርድ ብምኽሳራ ድማ፡ ኣብቲ ናይ ብቐደማ ትማሊ ጸወታ፡ ብዘይብኡ እያ ተጻዊታ፡፡ "ሮናልዶ የለን - ጸገም የለን" ዘብል ብቐዓትን ወጽኢትን ከኣ ኣመዝጊባ፡፡

ሬናቶ ቬጋ ኣብ ሻውዓይ ደቒቕ ዝኸፈቶ በሪ ኣርመንያ፡ ቅድሚያን ድሕሪን ዕረፍቲ ጎንካሎ ራሞስን ፍራንቸስኮ ኮንሰሳኦን ሓሓንቲ፡ ጃኦ ነቨስን ብሩኖ ፈርናንደዝን ድማ ሰለስተ ሸቶታት ብምቁጻር 'ሃትሪክ' ሰሪሖም፡ ብገፊሕ 9ብ1 ተዓዊቶም፡፡ ኣርመንያ፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ካብ ስጠርትስያን ሸቶ ኣመዝጊባ ተመራሪያ ነይራ እያ፡፡

ኣብ 1966 ንፈለማ ግዜ ኣብ ዋንጫ ዓለም ሱታፌኣ ዘረጋገጸት ፖርቱጋል፡ ንታሻዓይ ግዜኣ እያ ኣብዚ ዓለምለኻዊ ውድድር ክትሳተፍ - ብተኸታታሊ ከኣ ንሻውዓይ ግዜኣ፡፡ ኣብቲ ናይ ፋልማይ ሱታፌኣ ናይ 1966 ውድድር ሳልሳይቲ ዝወጸቶ ድማ እቲ ዝበለጸ ደረጃኣ እዩ፡፡

ፖርቱጋል፡ ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ብቀጥታ ብምሕላፋ፡ ሰሪ'ታ ብቀጥታ ዝወሰዶ ቀይሕ ካርድ ኣብቲ ምሸት ቀዳመይቲ መቕጻዕቲ ዝሕለፈ ሮናልዶ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንቀዳሞት ክልተ ጸወታታት'ውን ክኸስረን እዩ - መቕጻዕቱ ሰለስተ ግጥማት ብምዃኑ፡፡



16 ሸቶታት መጻረዪ ጸወታ ዘመዝገበ - ኤርሊንግ ሃላንድ

ብጄናሮ ጋቱሶ እትስዕም ዘላ ኢጣልያ፡ ንመራሒት ምድባ ኖርወይ ዓዲማ ተጻዊታ፡፡ ኢጣልያ፡ ወላ'ውን ተዓዊታ ምስ ኖርወይ ብዝጥቢ ማዕረ (21 ነጥቢ) ክትሰርዕ ትኽእል እንተነበረት፡ ንዘበረት ናይ ሸቶ ፍልልይ ኣሕውያ ቀዳመይቲ ኮይና ክትዛዝም ግን፡ 9ብ0 ክትስዕር ነይሩዋ፡፡ 1ብ0 መራሒኺ እንተነበረት፡ 4ብ1 ተሳዒራ ግን፡ ካልኣይቲ ኮይና ዛዚማ፡፡ በዚ ድማ ኖርወይ፡ ብቀጥታ ክትሓልፍ እንከላ፡ ኢጣልያ፡ ዝመጽእ ዓመት ወርሒ መጋቢት ናይ ክልተ እግሪ ተወሳኺ ጸወታ (Play-off) ደጺባ፡፡

ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ብምልዓል፡ ድሕሪ'ታ ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለት ኣብ ቅድሚት እትርከብ ብራዚል እትሰርዕ ኢጣልያ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ውድድራት ዋንጫ ዓለም (2018ን 2022ን) ምብጻራ ይዝከር፡፡ ንሳልሳይ ተኸታታሊ ግዜኣ ከይትነብር ድማ ትሰጋእ፡፡

ሃገሩ ኖርወይ፡ ድሕሪ 1998 ንፈለማ ግዜኡ ብሓፈሻ ንራብዓይ ግዜኣ ናብ ዋንጫ ዓለም ክትሓልፍ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ሃላንድ፡ ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ - ኣብቲ ግጥም፡፡ ኣብዚ ናይ መጻረዪ ግጥማት 16 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ከኣ፡ ኣብ ዝኾነ ኣህጉር ካብ ዝቶየድ ዘሎ መጻረዪ ግጥማት፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ኮይኑ ኣሎ፡፡



ኮም ተጻዋታይ ኮይኑ ኣብ 2006 ዋንጫ ዓለም ክትዓትር ዝገበሩ ኢጣልያ ዝሓዝዘ ጋቱሶ፡ ከም ኣሰልጣኒ ናብቲ ውድድር ብቀጥታ ኣየሕለፉን፡ ተወሳኺ ጸወታ ግና ይጽበዮ

ኘ ዓመተ-ውድድር ኣብ ወርሒ ሕዳር እንከሎ ከኡ፡ ብማልያ ሃገሩን ክለቡ ማን ሲቲን ኣብ 20 ግጥማት፡ 32 ሸቶታት በጺሑ ኣሎ፡፡

ብሓፈሻ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ 48 ግጥማት ንሃገሩ ኣብ ዝወከለሉ፡ 55 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ፡፡ ድሕሪ 53 ዓመታት ከኡ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ትሕቲ 50 ግጥማት ተሰሊፉ ልዕሊ 50 ሸቶታት ዘመዝገበ እዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንፖርቱጋል 'ጉድ' ዝገበረታ ኣየርላንድ፡ ኣብቲ ምሸት'ውን፡ ንሃንጋሪ ኣፍዚዛ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊባ፡፡

ኣየርላንድ፡ ክልተ ግዜ ተመራሪያ ኣብ መበል 96 ደቒቕ መዐወቲት ሸቶ ኣመዝጊባ እያ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3ብ2 ሰዒራ፡፡ በዚ ድራማዊ ዓወት ድማ ንሃንጋሪ ሓሊፋ ብ10 ነጥቢ ካልኣይቲ ኮይና ብምውዳእ ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይ ክልተ እግሪ ተወሳኺ ጸወታታት (Play-off) ከተካይድ እያ፡፡ ነዚ ጸወታታት ተዓዊታ ድማ ድሕሪ 24 ዓመታት ናብ ዋንጫ ዓለም ክትምለስ ተተስፊያ ኣላ፡፡

ሰለስተ ሸቶታት ብምቁጻር 'ሃትሪክ' ዝሰርሐ ትሮይ ፓሮት፡ ምስተን ኣብ ልዕሊ ፖርቱጋል ዘመዝገበን ክልተ ሸቶታት ደማሪካ - ኣብ ክልተ ግጥማት ሓሙሽተ ብምምዝጋብ ኣብ ዓወት ሃገሩ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ፡፡ ብፍላይ ኣብቲ ናይ ብቐደማ ትማሊ ጸወታ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ዘመዝገባ ሕልሚ ሃንጋሪውያን ዘበኑት፡ ንኣየርላንዳውያን ድማ ኣብ ፈንጠዝያ ዘእተወት መዐወቲ ሸቶ፡ ኣብ ሃገሩ ወርትግ ክዝከረላ እያ፡፡

## ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ቀጺሉ ነይሩ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ መጀመርታ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ 10ን 11ን ፍረሂወት ንምራራ 2ብ1፡ ማይ ተመናይ ንሰውራ 4ብ0፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንስምረት ኣኽርያ 1ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ሰሜናዊት ኣስመራን ማዕርነትን 0ብ0 ተፈላልየን፡፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ማዕርነት ንሰሜናዊት ኣስመራ፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንስምረት ኣኽርያ ብተመሳሳሊ 1ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ማይ ተመናይ ንሰውራ 3ብ0 ኣፋንያታ፡፡

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ 12ን 13ን እምባ ጠቐራ ንፍትሒ፡ ዲያእ ንዋርሳይ ብተመሳሳሊ 2ብ0፡ ባሕቲ ማስከረም ንዶዲ ንፋስ ከኣ 1ብ0 ሰዒረንአን፡፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ፍትሒ ንእምባ ጠቐራ 3ብ1፡ ዋርሳይ ንዲያእ 2ብ0፡ ባሕቲ ማስከረም ንዶዲ ንፋስ 3ብ2 ሰዒረንአን፡፡

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዕት ደቂ ኣንስትዮ፡ ባሕቲ ማስከረም ንእምባ ጠቐራ 52ብ4፡ ዋርሳይ ንፍትሒ 10ብ2 ተዓዊተናለን፡፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ እምባ ጠቐራ ንባሕቲ ማስከረም 26ብ11፡ ፍትሒ ንዋርሳይ 23ብ11 ከም ዝሰዓረአን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ፡፡

## ቱኸል፡ ንበሊንግሃም ኣጠንቂቑ

ዓሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ቶማስ ቱኸል፡ ጠብዩ ማሰረታዊ ምኽኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ጸወታ ኣንጻር ኣልባንያ ብምቕያሩ ንዝሓረቐ ጁድ በሊንግሃም ኣጠንቂቑ፡፡

ኣብቲ ሃሪ ኬይን ብዘመዝገበን ሸቶታት 2ብ0 ዝተዓወቱሉ ናይ መወዳእታ ናይ ዋንጫ ዓለም መጻረዪ ጸወታ፡ በሊንግሃም፡ ብሞርጋን ሮጀርስ ተተኪኡ ወጺኡ፡፡ እዚ ኣኸፋፊሉ፡ ክቕየር ምኽኑ ጥራይ ምስ ፈለጠ እዩ ኢዱ ክዕጽግ ዝተራእየ፡፡

ቱኸል፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ከምዝይተሓጎሰ ተዓዚብዮ እየ፡፡ ኣብ ገለ ደረጃ፡ ከም ብዓል ጁድ ዝኣመሰሉ ተወዳደርቲ ተጻወትቲ እንተዘሊየሙኻ፡ ብፍጹም ክቕየሩ ኣይደፈትዉን እዮም፡፡ እንተኾነ፡ ቃለይ ሓንቲ እያ - ንሓድሕድና ክንተሓጋገዝን ክንከባበርን ኣለና፡፡ ስለዚ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ደገ ኮይኑ ክኣቱ ይጽበ እንተሃሊዩ እቲ ሓደ ኢዱ ስለዘይጸገ እንቕይሮ ውሳኔ የለን፡፡" ኢሉ፡፡

"ብዛዕባዚ ብዙሕ ክዛረብ ኣይደልየን እየ፣ እንተኾነ፡ ደጊመ ዝብሎ 'ጠብዩ መሰረታዊ እዩ፡፡ ንዝኣቱ ወዲ ጋንታኻ ከኣ ኣኽብር፡፡ ውሳኔ እንተሓሊፉ ከም ተጻዋታይ ከተኽብሮ ኣለካ፡፡" ክብል'ውን መጠንቀቕታ ሰዲዱ - እዚ ኣቐዲሙ ናብ ዋንጫ ዓለም ክትሓልፍ ዘኽኣላ ጀርመናዊ ዓሰልጣኒ፡፡



# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ዩክሬን ካብ ግሪኽ ባህርያዊ ጋዝ ክትሸምት ወጢና



ዩክሬን ካብ ግሪኽ ባህርያዊ ጋዝ ንምሻማት ዘኽእላ ስምምዕ ከም ዝኸተመት፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ቮለድሚር ዘለንስኪ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ "ኣብዚ ግዜዚ ውሕስነት ዘለዎ ቀረብ ጸዓት ንምርግጋጽ፡ ካብ ግሪኽ ብዙሕ ጋዝ ክንእቱ ወሲንና ኣለና። ኣብ ጉዳይ ፋይናንስ ኣመልኪትና'ውን ድሮ ስምምዕ ኪቲምና ኣለና። ነቲ ዕድጊ ዝኸውን ኣስታት 2 ቢልዮን ዩሮ ገዚእና ድማ ሰሊዕና ኣለና" ኢሉ።

ዘለንስኪ ወሲኹ፡ መሻርኽቲ ዩክሬን ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ እውን ኣብ ሸመት ናይ'ቲ ጸዓት ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ይገብራ ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ኣመራጺ'ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ትወስድ ምህላዋ፡ እቲ ፕረዚደንት ኣረዲኡ።

ኣመሪካ፡ ንጸዓት ሩስያ ካብ ዕዳጋታት ሕብረት ኤውሮጳ ንምእላይ ጸቕጢ ትገብር ምህላዋ፡ ነቲ ዝፍጠር ሃጓፍ ንምሽፋኑ ድማ ትሰርሕ ከም ዘላ እያ ትሕብር።

እንተኾነ፡ እቲ ኣመሪካ ንባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ካብ ዕዳጋታት ኤውሮጳ ንምእላይ እትገብሮ ዘላ ጻዕርታት፡ ንዩክሬን ሕጽረት ናይ ጸዓት የስዕባላ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ማክሰም ተምቸንኮ - ሓላፊ ክፍሊ ጸዓት ዩክሬን ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ኩናት ካብ ዝጅመር፡ እዚ ወቕቲ'ዚ ንዩክሬን እቲ ዝኸበደ ግዜ ኮይኑ ኣሎ። ሓገዝ ንደሊ ኣለና። ንኢንዱስትሪ ሓይሊ ኤለክትሪክ ዝኸውን ቀረብ ጋዝ የድልየና ኣሎ" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

ሚኒስተር ምክልኻል ሩስያ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሰራዊት ሃገሩ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሲቪላዊ ትሕተ ቅርጺታት ሩስያ 'ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ፈጺማ' ኢሉ ዝገለጾ ተግባራት፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓት ዩክሬን ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደ ገሊጹ።

## እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ሕቡራት ሃገራት መጥቃዕቲ ፈጺማ

እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዓሲኮርም ዝርከቡ ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ሕቡራት ሃገራት መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ተገሊጹ።

እስራኤል ነቲ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመቶ እኳ እንተ ተኣመነት፡ ከሳ ኢልካ ዝተፈጸመ ዘይኮነስ ብሰንኪ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ብጌጋ ዝጋጠመ ሓደጋ ከም ዝኾነ ገሊጻ።

ቤት ጽሕፈት ግዝያዊ ሓይሊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሊባኖስ (ዩኒፊል) ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፥ ታንክታት ሰራዊት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኣባላቱ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸማ ሓቢሩ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኹ፡ "እዚ ተግባር'ዚ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ዝተገበረ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብኸቢድ ግህሰቶ ኣሎ፡" ድሕሪ ምባል፡ ብወገን እስራኤል ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ክፍጸም ሕጂ ናይ ፈለማ ከም ዘይኮነ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ሰፊሑ ዝነበረ ምትፍናን ከህድኡ ዝሰርሑ ዘለዉ ወተሃደራት ዓቀብቲ ሰላም ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ከይፍጽሙ ኣጠንቂቑ።

እስራኤል፡ ወተሃደራታ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ሕቡራት ሃገራት ከም ዝተኮሱ ድሕሪ ምእማን፡ ዕላማ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ናብ ክልተ ሊባኖሳውያን ጥርጡራት ዝቐነዐ ከም ዝነበረ፡ ዝኾነ መጉዳእቲ ከም ዘይበጽሖም ገሊጹ።

ሊባኖስ ብወገና፡ እስራኤል ንልኡላውነታ ጥሒሳ ሰራዊታ ናብ ወሸጢ ልኡላዊ ግዝኣታ ብምእታው ዕንቅፋት ትፈጥረላ ከም ዘላ ከሲሳ።

ዶብ እስራኤልን ሊባኖስን፡ ሓይልታት ናይ ክልቲኦን ሃገራት ተደጋጋሚ ተኹሲ ዝለዋወጡሉ ተኣፋፊ ቦታ ኮይኑ ከም ዘሎ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



## ሊብያ - ጃልባ ብምጥሓላ ስደተኛታት ሞይቶም

ኣብ ገምገም ባሕሪ ሊብያ ኣስታት 100 ስደተኛታት ሓዚን ዝነበራ ክልተ ጃላባ ድሕሪ ምግልባጠን፡ ብውሕዱ ኣርባዕተ ሰባት ከም ዝጠሓሉ፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጦም።

እቶም ኣርባዕተ ግዳያት፡ ካብታ 26 ዜጋታት ባንግላደሽ ሒዛ ዝነበረት ጃልባ ከም ዝኾኑ፡ ኣብታ ኣስታት 70 ዜጋታት ሱዳን ሒዛ ዝጠሓለት ካልኣይቲ ጃልባ ግን ዝሞቱ ሰባት ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ከም ዘይተፈልጠ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ገሊጾም።

እተን ጃላባ፡ ብማእከላይ ባሕሪ ኣቢለን ናብ ኤውሮጳ ይጓዓዛ ከም ዝነበራ፡ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ሊብያ ሓቢሩ።

ክልቲአን ጃላባ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ሊብያ ካብ እትርከብ ወደባዊት ከተማ ከም ዝተበገሳ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።



ዓመታዊ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ስደተኛታት ካብ ሰሜን ኣፍሪቃ ውሕስነት ብዘይብለን ንኣሽቱ ጃላባ ናብ ኤውሮጳ ንምእታው ኣብ ዝሕብርዎ ፈተነ ህይወቶም ከም ዝስእኑ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

ኣብ 2025 ጥራይ፡ ልዕሊ 1500 ስደተኛታት ካብ ሰሜን ኣፍሪቃ ብማእከላይ ባሕሪ ቀሪጾም ናብ ኤውሮጳ ንምእታው ኣብ ዝገበሩዎ ጉዕዞ ከም ዝሞቱን ደሃዮም ከም ዝጠፍኡን ድማ፡ እቶም ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣስታት ሓደ ሰሶ ካብ'ቶም ግዳያት፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ሊብያ ዝሞቱ ወይ ዝጠፍኡ ምዃኖም ከኣ ወሲኾም የረድኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዓሰርታት ስደተኛታት ጸዒና ካብ ሊብያ ዝተበገሰት ጃልባ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብምግምጣላ፡ እቶም ኣብኣ ዝነበሩ ዳርጋ ኩሎም ስደተኛታት ደሃዮም ክርከብ ከም ዘይተኻእለ እዩ ዝሕበር።

## ባንግላደሽ - ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር ንሞት ተፈሪዳ



ኣብ ባንግላደሽ ዝርከብ ዝቤታዊ ገበናት ዝርኢ ኣህጉራዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ፡ ንቀዳመይቲ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ዝነበረት ሸኽ ሓሲና፡ ድሕሪ ኣዋርሕ ዝወሰደ ፍርዳዊ መስርሕ ትማሊ ሰኑይ ንሞት ከም ዝፈረዳ ኣፍሊጡ።

እቲ ኣብ ዳካ - ርእሰ ከተማ ባንግላደሽ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ዝኢ ውሳኔ'ዚ ዝሃቦ፡ እታ መራሒት መንግስቲ ነበር፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብታ ሃገር ብተመሃሮ እናተመርሐ ንዝተለዓዓለ ሓያል ናይ ተቓውሞ ናዕቢ ብሓይሊ ብረት ክጭፍልቕ ከም ዝኣዘዘት ድሕሪ ምርግጋጹ እዩ።

እቲ ቤት ፍርዲ፡ እታ ብዓልቲ ስልጣን ነበር ብኣካል ኣብ ዘይተረኸበትሉ እዋን ብልዑል ጸጥታዊ ሓለዋ ተሰሚዑ ነቲ ናይ ሞት ብይን ከም ዝሃበ፡ ብዙሓት ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ነቲ ፍርዲ ብሓጎስ ከም እተቐበልዎ፡ ማዕከናት ዜና ባንግላደሽ ጸብጺበን።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኮይና ንባንግላደሽ ንሓያል ዓመታት ዝመርሐት ሸኽ ሓሲና፡ እቲ ህዝባዊ ናዕቢ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጺኡ፡ ምስ ኮነ ኣብ ነሓሰ 2024 ስልጣና ለቒቃ ናብ ህንዲ ክትሃድም ከም እተገደደት ኣይርሳዕን።

ንሳ ፈጺማቶ ብዝተባህለት ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ንናይ ሕልፈት ማእሰርቲ ክትፍረድ እኳ'ኳ፡ ኣብ ልዕሊ ሓያለ ናዕበኛታት ብዝፈጸመቶ ቅትለት ድማ ብሞት ክትቕጻዕ ፍርዲ ተዋሂብዋ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ጓል 78 ዓመት ኮይና ዘላ'ን ኣብ ህንዲ ተዓቒባ እትርከብ ሸኽ ሓሲና፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ክቐርብ ዝጸንሐ ክሲታት ደጋጊማ ክትነጽጎ ከም ዝጸንሐት'ዩ ዝንገር።

ድሕሪ'ቲ ዝተዋህበ ናይ ሞት ፍርዲ፡ ወዲ ነታ ብዓልቲ ስልጣን - ሳጂብ ዋዜድ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብታ ሃገር ቅዋማውን ደሞክራሲያውን መንግስቲ ምስ ተተኽለ ኣንጻር'ቲ ዝተዋህበ ብይን ይግባይ ክብሉ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ካብ 15 ሓምለ ክሳብ 5 ነሓሰ 2024 ኣብ ባንግላደሽ ዝቐጸለ ህዝባዊ ናዕቢ ኣስታት 1,400 ናዕበኛታት ከም እተቐትሉ፡ እዚ ድማ እታ ሃገር ኣብ 1971 ካብ ዘካየደቶ ናይ ናጽነት ኩናት ንደሓር እቲ ዝኸፍአ ቅትለት ኮይኑ ተመዝጊቡ ከም ዘሎ ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ።

## ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ንዘጽንሓ ኣተሓሕዛ ኣኽሪራቶ

ብሪጣንያ፡ ናብታ ሃገር ዝኣትዉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ሓድሽ ፖሊሲ ከም ዘውጽኣት፡ ጸሓፊት ወሽጣዊ ጉዳያት ናይ'ታ ሃገር ሻባና ማሕሙድ ሓቢራ።

ብመሰረት እቲ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ሓተትቲ ዕቑባ ኣብታ ሃገር ንኽነብሩ ፍቓድ መንበሪ ቅድሚ ምርካቦም ን20 ዓመታት ክጸንሑ ክግደዱ እዮም።

ሻባና ማሕሙድ፡ ሃገራ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ትቃለስ ከም ዘላ'ውን ገሊጻ።

ንሳ ኣብ መግለጺኣ "ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንሃገርና ይመቓቕሎ ኣሎ። ዝኢ መጉትኢ እንተ ዘይገይርናሉ ድማ ሃገርና መመሊሳ ክትመቓቐል እያ" ክትብል ኣጠንቂቓ።

ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ 2025 ኣብ ዝነበሩ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ቁጽሪ ናብታ ሃገር ዝኣተዉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣስታት 111,000 ከም ዝነበረ፡ ጸብጻብት መንግስቲ ብሪጣንያ ይጠቕሱ።

ብሓፈሻ ቁጽሪ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ካብ 2021 ንደሓር ብዕጽፊ ክውሰኽ ከም ዝጀመረ እዩም ጸብጻባት ወሲኾም የረድኡ።

እታ ብዓልቲ ስልጣን ኣብ መግለጺኣ፡ ሞያዊ ክእለት ዝለዎም ስደተኛታት ኣብ ዝተወሰነ ስራሕ ከም ዝኣትዉ ብምግባር፡ እቲ መንበሪ ፍቓድ ዝረኽቡ ዝጸበዩሉ ግዜ ክሓጽረሎም ምዃኑ ገሊጻ።

ተረኛ ፋርማሲ: በት መሻጣ መድሃኒት ብርሃን
ዕለት: 18/11/2025
ጎደና: ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፒሮ
ቁ.ስልኪ: 120253
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565